# ኤርትራ፣ ምድረ ባሕሪ

# 5

# ጉዳይ ኢትዮጵያ እንተዘይኮይኑ፡ ጉዳይ ኤርትራ ዝበሃል የለን[1]።



## 1- ምግምማዕ ፖለቲካዊ ሰልፍታት

ፖለቲካዊ ሰልፍታት ኤርትራ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ደምቤታት ተገማምዓ። እታ ቀዳመይቲ ብግሁድ "ምጽንባር ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ" እትጠልብ ኮይና፡ ብሰልፊ "ሕብረት" እትምራሕ ብሽም "ደምበ ኣንድነት" ተፈልጠት። እታ ካልኣይቲ ካብ ዝተፈላለያ ሰልፍታት፡ ገሊአን "ቅጽበታዊ ናጽነት" ገሊአን "ኤርትራ ንውሱን እዋን ኣብ ትሕቲ ገለ ዓበይቲ መንግስታት ብመጉዚትነት" ጸኒሓ፡ ኣብ ዝስዕብ "ናጽነት" ክትጎናጸፍ ዝጠልባ ተዋጺኣ ብ"ቀጽሪ ናጽነት" ተፈልጠት።
ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ክልቲአን ደምበታት ምስ ኩሉ ግጭታተን፡ ነቲ ብታሕሳስ 1950 ብሕቡራት መንግስታት ዝወጸ ፈደራላዊ ብይን ኣይተቐበላኦን። ሰልፊ "ኣልራብጣ ኣል ኢስላምያ-ምብራቓዊ ጎላጉል" እንተዘይኮይኑ፡ ንፈደረሽን ዝሓተታን ዝተቐበላን ሰልፍ- ታት ኣይነበራንን።
ኤርትራውያን ዜጋታት፡ እንተላይ እድሪስን ኣዕሩኽቱን ደገፍቲ ሃገራዊ ናጽነት ኤርትራ ብምኳኖም፡ እንተኸፍአ ኤርትራ ናጽነታ እንተዘይተበየነላ ንቅሩብ ዓመታት ኣብ ትሕቲ "መጉዚትነት" ገሊአን ጸኒሓ፡ ናጽነታ ክትረክብ ትኽእል'ያ

[1] ገለ ካብ'ቲ ወኪል ንጉስ ሃይለ ስላሴ እንዳልካቸው መሳይ፡ ኣብ መኽፈቲ ፓርላማ ኤርትራ ብ1955 ዓ.ም ዝበሎ ዘረባ።

ዝብል ግምት ስለ ዝነበሮም፡ ነቲ ናይ ሕቡራት ሓያልን ሃገራት ፌደራላዊ ብይን ምቕባሉ ኣጸገሞም። ኩሉ በብወገኑ፡ ነቲ ብይን ምስ ምትእትታውን ድልየታትን ናይ ወጻኢ ሃገራትን ሓይልታትን ከተኣሳስሮን ክትርጉሞን ተራእየ።
ሓጎስ፡ ፌደራላዊ ብይን ሕቡራት መንግስታት ምስ መራሕቲ ኢትዮጵያን ገለ ኤርትራውያን መራሕቲ ሃይማኖታውን ቀቢላውን ጉጅለታትን ብምውዳይ ዘውጸኣቶ ብይን'ዩ ብምባል ክትንትን እንከሎ፡ እስማዒል "ንኢትዮጵያን ብሪጣንያን ክንብድህ ብዘይምኽኣልናን ብምፍራሕናን ዝመጽአ ውሳኔ'ዩ" ይብል ነበረ። ኢድሪስ ብሓፈሽኡ ብትንታኔ ኣዕሩኽቱ ይሰማማዕ'ኳ እንተነበረ፡ ኣሜሪካ ንቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪቃን ናይ ምቁጽጻር ስትራተጂ ስለ ዝነበራ፡ ጸቒጣ ጸቓቒጣ እቲ ፌደራላዊ ብይን ብሕቡራት መንግስታት ከም ዝወጽእ ኣብ ምግባር ዓቢ ተራ ነይሩዋ ዝብል እምነት ነበሮ።
ኩሉ ዜጋ፡ ብዛዕባ ፌደራላዊ ብይን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብዛዕባ'ቲ ዘጋጠመ ሕንፍሽፍሽ፡ ምስኣን ጸጥታን ምንቁልቃል መነባብሮ ህዝብን፡ ነቲ ዘጋጥም ዝነበረ ውሽጣውን ግዳማውን ሽርሕታት ዘይምብዳህ ወ.ዘ.ተ. ሻቕሎትን ዘይዕግበትን የርኢ ነበረ።
ሓደ ምሸት ሰለስቲኦም ኣዕሩኽ ኣብ ድኳን ኢድሪስ ከም ልማዶም እናኣዕለሉ እንከ- ለዉ፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ዓዲ ኣቶ በኺት ዝተባህለ ህሩግ ኢሉ፡-"ገለ መራሕቲ ሰልፍታ- ትን ሃይማኖታዊ ጉጅለታትን ብደገፍ ምምሕዳር እንግሊዝ፡ ብዛዕባ ህልው ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገር ንምዝራብ ኣኼባ ንኸካየድ መጸዋዕታ ይገብሩ ኣለዉ።" ዝብል ሓበሬታ ደርጉሓሎም።
ኢድሪስ ተቐላጢፉ፡-"እቲ ኣኼባ ብልክዕ ብዛዕባ እንታይ ክመያየጥ'ዩ?።" ዝብል ሕቶ ኣቕረበ።
ኣቶ በኺት፡-"ክልቲኦን ደምበታት፡ ኣንድነትን ቀጽሪ ናጽነትን ነቲ ኣብ ሞንጎኦን ዝነበረ ረሲዕን፡ ማሕበራዊ ርድየትን ሃገራዊ ሰላምን ከምጽእ ዝኽእል ሃዋህው ፈጢረን ብደገፍ ምምሕዳር እንግሊዝ ሓዲሽ ምዕራፍ ክሽፍታ ድልየት ከም ዘለወን ክርዳእ ክኢለ ኣለኹ።" ክብል መለሰ።
ኢድሪስ ኣዒንቱ ኣፍጢጡ ምስ በኺት ኣብ ሕቶን መልስን ኣተወ፡-"እቲ ኣኼባ ኣበይ ክግበር ተሓሲቡ'ሎ?።" ክብል ሓተተ።
ኣቶ በኺት፡-"ብግምተይ ኣብ ከተማ ኣስመራ ክካየድ'ዩ።" ኣቶ በኺት፡ ካብ'ቲ ዝበሎ ንላዕሊ ክውስኽ ስለ ዘይደለየ፡ ናብ ዘምጸኦ ጉዳይ ኣምረሐ።
ሓጎስ ኣብ መንጎ ኣትዩ፡-"ኣብቲ ኣብ ኣስመራ ክግበር ተሓሲቡ ዘሎ ኣኼባ ክንሳተፍ ኣለና።" ዝብል ሓሳብ ኣቕረበ።
ኢድሪስ፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገር ተስፋ ቈሪጹ ብምንባሩ፡ ንኣስመራ ከይዱ ብኣካል ናብ'ቲ ኣኼባ ክሳተፍ ድልየት ኣየሕደረን። ስለ ዝኾነ ንሱ ኣብ ባጽዕ ተሪፉ፡ ሓጎስን እስማዒልን ክሳተፉ ኣመመ።
ድሕሪ ክልተ መዓልታት ሓጎስን እስማዒልን ምቅርራቦም ወዲኦም፡ እስማዒል'ውን ንስድርኡ ሓቢሩ፡ በቲ ናውቲ ህንጻ ዝጸዓነ ባቡር ተጻዒኖም ናብ ኣስመራ ተበገሱ።

ኣስመራ ምስበጽሑ፡ እቲ ኣኼባ ኣብ ገሊኦን ኣብያተ-ሲነማ ንጽባሕቱ ክግበር ምኽኑ ስለ ዝፈለጡ፡ ዝሓድሩሉ ቦታ ክናድዩ ወሰኑ።
ኩለን ዝድቅሱለን ማእከሎትን ታሕተዎትን መዕረፊ ኣጋይሽ ከተማ ኣስመራ ብኣጋይሽ ስለ ዝተታሕዛ፡ ንዕኦም እተኣንግድ ክፍሊ-መደቀሲ ሰኣኑ። ምስ ስድራ-ቤት ሓጎስ ኣብ ዓዲ ትኹል ክይዶም ክሓድሩ እንተሓሰቡ'ውን፡ ካብ ኣስመራ ከባቢ ዕስራ ኪ.ሜ ብምኻና ንጽባሒቱ ናብ'ቲ ኣኼባ ክሳተፉ ከምዘይኽእሉ ስለ ዝተገንዘቡ፡ ነቲ ሓሳብ ሰሪዞም ሓጎስ፡-"ኣብ ማርቻፕዲ ኣባሻውል ወይ ገዛ ብርሃኑ ክንድቅስ እንተዘይ- ኮይና፡ ካልእ ቦታ ክንረክብ ዘበት'ዩ።" ዝብል ሓሳብ ኣቕረበ።
እስማዒል ከኣ፡-"ነዘን ዝጠቕስካየን ከባቢታት ስለ ዘይፈልጠን፡ እትብሎ ናይ ግድን ክቕበሎ ኣሎኒ።" በለ።
ማርቻፕዲታት ኣባሻውል ይኹን ገዛ ብርሃኑ፡ በቶም ስራሕ ዝሰኣኑ፡ ቐትሪ ለሚኖም ወይ ማእረሮም ምሸት ዝሓድሩሉ በጋሚንዱታት ተረግሪጉ ብምንባሩ፡ ንኽልቲኦም ዝኸውን መሕደሪ ንምርካብ ተሸገሩ።
ክልቲኦም ኣዕሩኽ፡ ኣብ'ቲ ብሸንትትን ቀልቀልን ናይቶም ረማዕ ዝበሉ ሰባት ዝጠልቀየ ማርቻፕዲ ኣባሻውል መደቀሲ ዝኾኖም ቦታ ንምርካብ ሃሰስ እናበሉ፡ ካብ ሓንቲ መስኮት ናይተን ብእርጋን ክወድቃ ዝደለያ፡ ብማዕዶ ዝጥመታ ገዛውቲ፡ ብሃንደበት ናይ ቐንደል መብራህቲ ተዓዘቡ። ጽንሕ ኢሎም፡-"ሓጎስ፡ ኣንታ ሓጎስ ወዲ ኣቦይ ኣርዓዶም።" ዝብል ድምጺ ሰምዑ።
ናብ'ቲ ብርሃን ቁልሕ እንተበሉ፡ ሓንቲ ከባቢ 30 ዓመት ዕድመ ዘለዋ ሰበይቲ ምልክት ክትገብረሎም ረኣዩ። ናብኣ ምስ በጽሑ፡ ንሓጎስ ሓቝፋ፡ ንብዓታ ዘረብረብ እናበለት፡ ሓንሳብ የማናይ ጸጊሓ ጸጋማይ ምዕጉርቲ ሓጎስ ክትስዕም ጀመረት። ሓጎስ ስለ ዘይፈለጣ፡ ግር ኢልዎ'ኳ እንተነበረ፡ ብዙሕ ከይጸንሐ ስለ ዝዘከራ፡ ናብ'ታ ሰበይቲ ተላሒጉ እናበኸየ ክስዕማ ጀመረ።
እስማዒል ወላ'ውን ኣብታ ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኤርትራ ዝመጽኡ ዝነብሩላ ከተማ ምጽዋዕ ዝተወልደን ዝዓበየን እንተኾነ፡ ከም'ዚ ዓይነት ተሓቛቝፎም ዝሰዓዓሙ ሰብኣይን ሰበይትን ርእዩ ስለ ዘይፈልጥ፡ በቲ ዝተዓዘቦ ተገረመ።
እታ ሰበይቲ፡ ህላወ እስማዒል ከየስተብሃለት፡ ንሓጎስ ናብ ውሽጢ ገዛ ክኣቱ ብኢዱ ሒዛ ትስሕቦ ነበረት። ሓጎስ፡ ኩነታት እስማዒል ብምርዳእ ምስኡ ናብ'ቲ ገዛ ከምዘኣቱ ገበረ።
ክልቲኦም ሓጎስን'ታሰበይትን፡ ብዛዕባ ዓዶምን ዘሕለፍዎ ቍልዕነትን ዝነበሮም መነባብሮን ክዕልሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ እታ ሰበይቲ ስለምንታይን ከመይን ናብ ኣስመራ ከም ዝመጽኣት ክትገልጽ ግድን ኮይኑ ስለ ዝተሰምዓ፡-"ድሕሪ ምሟት ወለደይ፡ ኣብ ዓዲ ክነብር ኣይከኣልኩን። ተስፋይ ሓወይ ገዲፉኒ ናብ ስደት ምስ ኣምረሐ ኩነታተይ እናሓሰመ ከደ። ዓዲ ገዲፈ ዕለታዊ እንጌራይ ክምእርር ናብ'ዛ ኣስመራ ዝተባህለት ከተማ ኣምራሕኩ።" በለት። ምስሊ ዓዳ ኣብ ዓይና ቅጅል እናበለ።
ሓጎስ-"ብምንታይ ከ ትዕንገሊ?።" ኢሉ ሓተታ።

እታ ሰበይቲ፡-“ቅድሚ ዓመት ናብ'ዛ ትርእያ ዘሎኻ ገዛ ኣትየ። ስዋ እናሸጥኩ፡ ኣብ ገለ እዋን ድማ ነቶም ዝደልዩኒ ድልየቶም እናኣማላእኩ እናበር።” ሕንከት ተሰሚዕዋ ክሳዳ ኣድኒና መለሰት።
ሓጎስ፡ ዘረባ'ታ ሰበይቲ እንታይ ትርጉም ከምዘለዎ ክርድኦ እንከሎ፡ እስማዒል ግን ብስቕታ ተዋሒጠ። ብዙሕ ከይጸንሑ ድራር ተቐሪቡሎም ምስ ተደረሩ፡ ብጸጕሪ ኣባጊዕ ዝተኣልመት ኮቦርታ ኣብ መሬት ኣንጺፋትሎም፡ ናብ ኣስመራ እንታይ ከምዘምጸኦም ከይሓተተት፡ ንኽድቅሱ ሓበረቶም፡ ወጋሕታ ሰዓት ሽዱሽተን ፈረቓን ኣቢሉ ካብ ድቃሶም ኣበራቢራ፡ ባንን ሻህን ንኽቖርሱ ቀረበትሎም።
ሓጎስ፡ ንዓኣ እናጠመተ፡-“ምስጋናናን ሓጎስናን ወሰን የብሉን። ብዘይ ናትኪ ሓገዝን ምትሕብባርን ትማሊ ብሰላም ኣይምሓደርናን። ብስራሕ ምኽንያት ስለ ዝመጻእና፡ ሎሚ ምሳኺ ክንውዕል ዝከኣል ኣይኮነን።” በለ ተመቕሊሉ።
እታ ሰበይቲ፡-“ኣሕዋት ብምዃንና ክዕንግለኩም ግቡእ ስለ ዝኾነ ኣይትሰከፍ። ኢላ መለሰት። ኣስዒባ'ውን፡-“ብሓደ ኣዕልል ዘይንውዕል?። ብዛዕባ ምሳሕ ኣይትሰከፊ ንሓደ ዝበልካዮ ንኹሉ ይኣክል። በለት።
እስማዒል፡ በቲ ዝበለቶ ልቡ ስለ ዝተተንከፈ፡-“ዝገበርክልና ነመስግን። ምሳኺ ክንውዕል ደስ ምበለና፡ እንተኾነ ኣብ ገሊኡ ኣኼባታት ስለ ዘሎና፡ ኣብኡ ተሳቲፍና፡ ናብ ባጽዕ ክንምለስ ኢና።” በለ። እታ ሰበይቲ ምስኣ ክውዕሉ ከምዘይከኣል ብምርዳእ፡ ተገዲዳ ኣፋነወቶም።
እቶም ክልተ ኣዕሩኽ፡ ናብ'ቲ ብ31ታሕሳስ1950 ዝጋባእ ኣኼባ ንምስታፍ፡ ካብ'ቲ ዝሓደሩሉ ቦታ ተበጊሶም፡ ምስ ሰቦም ኣብ'ቲ ኣቐዲሙ ዝተወጠነ ኣኼባ ተሳተፉ። ድሕሪ ኣኼባ ናብ'ታ ዝተበገሱላ ከተማ ምጽዋዕ ንምምላስ፡ ነቲ ሰዓት ክልተ ዝብገስ ባቡር ከርክቡ ናብ ፌሮቪያ ገጾም ኣምርሑ። ንጽባሒቱ፡ ናብ ሳልሳዮም ዝኾነ ኢድሪስ ከዱ፡ ኢድሪስ ምስ ረኣዮም፡-“ዳሓን ዲኹም ቀልጢፍኩም ተመሊስኩም?”። ክብል ብምግራም ሓተቶም።
ሓጎስ ንእስማዒል እናጠመተ፡-“ካብ ሳልስቲ ንላዕሊ ኣብ ኣስመራ ምጽናሕ ትርጉም ኣይነበሮን።” በለ።
ኢድሪስ፡ ቅድሚ ሕቶታት ምቕራብ ንኣዕሩኽቱ ገለ ዝስተ ከቕርበሎም ከምዝግባእ ስለ ዝተገንዘበ፡ ካብ'ታ ፊቱ ዝነበረት እንዳ ሻሂ፡ ሓንቲ ንሰለስተ ሰብ እተዕግብ በራድ ሻሂ ኣዘዘ። ምስ ሰተዩ፡ ግዜ ከይወሰደ፡-“ኣኼባ ከመይ ነይሩ?።” ዝብል ሕቶ ኣቕረበ።
ሓጎስ፡ ቀዳምነት ንእስማዒል ክህብ ፈቲኑ'ኳ እንተነበረ ስለዘይሰለጦ ባዕሉ “ብስም “ጉባኤ ሰላም” ዝተጸወዐ ኣኼባ፡ ኣብ ሲነማ “ኢምፐሮ” ተጋቢኡ፡ ኣብኡ ህዝቢ፡ ገለ መራሕቲ ሰልፍታት፡ ኣባላት ምምሕዳር እንግሊዝን መራሕቲ ሃይማኖታዊ ጉጅ-ለታትን ተሳቲፎም ከምዝነበሩ። ገለ ጠቃቒሱ ገል ከምዝረሰዐ ንቕሩብ ስቕ ድሕሪ ምባል፡-ቀንዲ ካብ ተሳተፍቲ ኣኼባ፡ ራእሲ ተሰማ ከም ወኪል “ደምበ ናጽነት”፡ ራእሲ ኪዳነ ማርያም ገብረመስቀል ድማ ከም ወኪል “ሰልፊ ኣንድነት” ተሳትፎም ነበሩ።” በለ። ((Picture))

ኣስዒቡ፡-“እቶም ዝተዛረቡ፡ ኣብ ምንጋስ ሰላም፡ ምሕዝነት ዜጋታት፡ ካብ ፖለቲካዊ ጉዳይ ምርሓቕ፡ እቲ ዝሓለፈ ሓሊፉ፡ ደቂ ሎሚ’ምበር ትማሊ ኣይኮናን፡ ኣብ ዝብሉ ነጥብታት ኣተኲሮም ተዛረቡ።” ምስ በለ፡ ኢድሪስ እቲ ዝሰምዖ ባህ ስለ ዘየበሎ፡-“እቶም ወከልቲ “ደምበ ናጽነት ኢና” ዝብሉ ንሰብ ካብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ከርሕቑ ዝኾነ መሰል የብሎምን።” በለ ተቆጢዑ።

እስማዒል በዚ ተተባቢዑ፡-“ቀንዲ ዕላማ ናይ’ቲ ብሽም “ጉባኤ ሰላም” ተባሂሉ ዝተጠ- መቐ፡ ብዛዕባ’ቲ ዘንቆልቁለ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገር ንምምያጥ ዝዓለመ ዘይኮነ፡ ንፈደራላዊ ብይን ደገፍ እንተረኸብና ተባሂሉ ዝተኻየደ ኣኼባ’ዩ።” ክብል ኣብርሀ።“ምንጋስ ሰላም፡ ኤርትራዊ ሕውነት ዝብሉ ሓረጋት ምስ ተሰምዑ ድማ፡ ኩሎም ተሳተፍቲ ተንሲኦም ኣጣቕዑ፡ ይኹን’ምበር ሓደ’ኳ ትብዕ ኢሉ፡ ብዛዕባ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ በደል ክዛረብ ዝተራእየ ሰብ ኣይነበረን።” ሕርቃን ኣብ ገጹ እናተነበበ።

ኢድሪስ፡-“ብምንታይ ፍረኸ ወጺኡ?።”ሓጎስ፡-“እቲ ኣኼባ፡ ፈደራላዊ ብይን ክኸበር ተልእኾ ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት ኣቶ ኣንዞ ማቴንዞ ንኽሰላሰል ምስራሕ፡ ሰላምን ጸጥታን ኣብ መላእ ሃገር ምውሓስ፡ ዝብሉ ለበዋታት ኣመሓላለፈ።”ምስ በለ፡ እስማዒል ንኽምልእ ብዘርኢ ህንጡይነት፡-“ብዘይካ’ዚ ዝተጠቕሰ፡ ነቲ ብምኽንያት ፖለቲካዊ ፍልልያት ዝመጸ ዕንወት ዳግም ንምሕዋይ ዓቕሚ ኩሉ ኤርትራዊ ምብርባር ዝብል’ውን ነይሩዎ።” በለሞ ቀጺሉ፡-“እዚ ድማ ኣድናቖት ኩሎም ተሳተፍቲ ኣሕደረ፡ እቲ ዝተረፈ ዘረባታት ግን ዳርጋ ስምዒታት ሰባት ንምልዕዓል ተባሂሉ እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ፍረ ኣይነበሮን።” ኢሉ ዘረብኡ ደምደመ።

ሰለስቲኦም፡ “ጉባኤ ሰላም” ዝበሃል ንፈደራላዊ ብይን ደገፍ ንምርካብ፡ ብወገን ምምሕ- ዳር እንግሊዝ ዝተተለመ ጻዕሪ ከም ዝኾነ፡ ሃገሮም ጽንኩር እዋን ትሓልፍ ከም ዘላ፡ ኩሎም ፈተውቲ ሃገር ከኣ ነዚ ተረዲኦም፡ ትኩራት ኮይኖም፡ መሰል ኤርትራውያን ከባኽን ዝሓስብ ሰብ ከምዘሎ ተረዲኦም ንምምካቱ ክዓዩ ከምዘለዎም ተሰማምዑ።

## 2- ባህጊ ውላድ

ሓጎስ ኣርዓዶም ካብ ዝምርዖ ክልተ ዓመት ስለዝገበረ፡ ከም ልምድታት ዓዲ መዓሎ፡ ኣደ ትርሓስ ጓላ ክትርእን ብዛዕባ ጥዕናኣ ክትቀስንን ንባጽዕ ክትብገስ ናይ ግድን ነበረ። ክሳብ ሕጂ ከምተን ካልኦት ኣዴታት፡ ኣርሒቓ ንምጋሽ ብዘይምፍታዋን ካብቶም ኣብ ጽርግያ ምጽዋዕ-ኣስመራ ዝንቀሳቐሱ ሽፋቱ ብምፍራሓን ግዴታ ምርኣይ ጓላ ክትፍጽም ኣይከኣለትን።
ሓንቲ መዓልቲ፡ ጓላ ገለ ሕማቕ ከምዘጋጠማ ሓለመት'ሞ ብስንባደ ካብ ድቃሳ ተንሲኣ ናብ ገዛ ወይዘሮ ልኡል ብምኻድ፡-"ደሃይ ደቅና ሓጎስን ትርሓስን ካብ ዘይረክብ ብዙሕ ጌረ ኣለኹ።" ክትብል ሻቕሎታ ኣካፈለታ።
ወይዘሮ ልኡል ተቐቢላ፡-"ኩነታትና ስለ ዘየፍቀደልና እንተዘይኮይኑ ኬድና ክንርእዮም ይግባእ ነይሩ።" ኢላ መለሰት።
ኣስዒባ'ውን፡-"ዕለታዊ እንጌራና ንምምእራር ኣበርቲዕና ንቃለስ ብምህላውና፡ ናይ መገሻ ወጻኢታትና ንምዕጻው ስለ ዘሸገረና፡ ብዛዕባ ምንቅስቓስ ሽፋቱ ኣብ ጽርግያ ምጽዋዕ-ኣስመራ ብዙሕ ስለ ዝዝረብ፡ በዚ ሰጊእና ንምጽዋዕ ክንገይሽ ድማ ኣይተኻእለን።" በለት።
ኣደ ትርሓስ፡ ወይዘሮ ልኡል ንምጽዋዕ ከተሰንያ ድልየት ስለ ዝነበራ፡-"ሓቂ'ዩ ኣብ ጽንኩር ኩነታት ብምንባርና፡ ናይ ገንዘብ ሕጸረት'ውን ስለ ዝነበረና ጌሽና ደቅና ክንርኢ ኣይተኻእለን። እዚ ግን ግቡእና ንኽይንፍጽም ክዕንቅፈና የብሉን።" በለት።
ብሓውሲ መግናሕቲ ኣስዒባ'ውን፡-"ዕድመ ህይወትና ኣብ ኢድና ኣይኮነን ዘሎ፡ እናኣረግና ንመጽእ ብምህላውና፡ ዳሕራይ ሕማም ኣጥቂዑ ደቅና ምርኣይ ከይኽልኣና እሰግእ ኣለኹ።" ክትብል ብቐቢጸተስፋ ተዛረበት።
ወይዘሮ ልኡል፡ ነቲ ኣደ ትርሓስ ዝበለቶ ከም ክዉን ስለ ዝቐጸረቶ፡-"ኣይትሸገሪ ገንዘብ እንተሓጸረና ገለ ካብተን እንውንነን ጥሪት ወይ ደርሁት ሼጥና፡ ነቲ እንደልዮን እንሓስቦን ክነተግብር ዝከኣል'ዩ።" ክትብል ብህዱእን ድሌት ብዝተሓወሶ መንፈስን መለሰትላ።
ኣደ ትርሓስ በዚ ተተባቢዓ፡-"ገለ ካብተን ዝሸጥኩወን ጀበና ዝቼጠብኩዎን ካብ ሽያጥ ጠስሚ ዝረኸብኩዎን ገንዘብ ኣለኒ። ኩለን ተደማሚረን ንምጽዋዕ ከበግሳና ዝኽእልዩ።" በለት።
ወይዘሮ ልኡል ነቲ ዝሰምዓቶ ብምድጋፍ፡-"ኣነ'ውን ዓሚ ዘዋህለልኩ'ወን ገንዘብ ስለ ዘለዋኒ፡ ብሓባር ምስተን ናትኪ ሓዊስና እንደልዮ ክንገብር ዝከኣል'ዩ።" በለት።
ክልቲ- አን ንሓጎስን ትርሓስን ክርእያ፡ ንምጽዋዕ ክብገሳ ተሰማምዓ።
ድሕሪ ሳልስቲ፡ ካብ ሰብኡተን ፍቓድ ድሕሪ ምርካብ፡ ጸጥታዊ ኩነታት መገዲ ምጽዋዕ-ኣስመራ ከይዓጠጠን፡ ሰዓት ሽዱሽተ ወጋሕታ፡ በቲ ካብ ኣስመራ ዝብገስ ባቡር-ምድሪ ገይረን ፍርቂ መዓልቲ ከተማ ምጽዋዕ በጽሓ።
ግዜ ከየጥፈኣ፡ ኣብ ጥቃ'ቲ መዕረፊ ባቡር-ምድሪ ከተማ ምጽዋዕ ዝኾነ ገዛ ሓጎስ ኳሕኳሓ። ትርሓስ ብሃንደበት ነቲ ማዕጾ ብምኽፋት ውትፍ በለተን። ሰለስቲአን ኣብ

ዘዘለዋእ ተሰመረ። ብዙሕ ከይጸንሓ ንካልኢታት ክተሓቛቑፋ፡ ክሰዓዓማን ክነብዓን ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብ ውሽጢ ገዛ ኣተዋ።
ትርሓስ ከም'ቲ ዝግባእ፡ ንወላዲታን ሓማታን እንቋዕ ብደሓን መጻእክን እናበለት፡ ድኻመን፡ ሓመድ ጉዕዞኣንን ሃሩር ምጽዋዕን ክነግፋ ብዝብል፡ ነብሰን ክሕጸባ ክልተ ዝሑል ማይ ዝመልኣ ሻንከሎታት ቀረበትለን።
ክሳብ ዝሕጸባ፡ ከም'ቲ ዝበዝሓ ደቀ-ንስትዮ ምጽዋዕ ዝገብራኦ ተቐላጢፋ፡ ንመቐየሪ ንፋስ ዝኸውን ብዝብል እምነት ሓንቲ ማእከለይቲ ዓካር ሽጉርቲ ቀርዲዳ ኣዳልያ፡ ምድርቤት ብማይ ረብሪባ፡ ቡንን ዕምባባ ማሽላን ቆልያን ዝሑል ናይ ዕትሮ ማይ ቀሪባን ተጸበየተን።
ወይዘሮ ልኡልን ኣደ ትርሓስን ተሓጺበን ምስ መጽኣ፡ ናብ ትርሓስ ገጸን ኣምርሓ። ቡነን እናሰተያ ብዛዕባ ጥዕናኣን መንብሮን ሓተታኣ፡ ክሳብ ሕጂ ዘይምምጸኣን ከኣ ይቕረታ ሓተታ።
ትርሓስ ኩነታት ወላዲታን ሓማታን ብምርዳእ፡-“ብዛዕባና ከምእትሻቐሉ ይርድኣኒ። ከም ግቡእ ምስ በዓል ቤተይ ክመጽኣክንን ክርእየክንን ነይሩኒ። እንተኾነ ነዛ ዓዲ ካብ ዝረገጽ ክሳብ ሎሚ፡ ካብ መጥቃዕቲ ወይቦ ተገላጊለ ስለ ዘይፈልጥ፡ ሓሳበይ ክሰምረለይ ኣይከኣለን።” በለት ደግሲ ሓሳብ ዘይምስማሩ እናገሆየት።
ኣደ ትርሓስ ብታህዋኽ፡-“ግንጡ ኣብ ከም ምጽዋዕ ዝኣመሰለ ዉዑይ ቦታ ክትነብርን ደም ተቐማጦ ክትመጽን ኣይትኽእልን ብኽመይ ለከመተኪ ጓለይ?። ሰብከ ኣብ ምጽዋዕ ብሕማም ወይቦ ይጥቃዕድዩ?።” ክትብል ሓተተት።
ትርሓስ፡-“ሓቂ'ዩ ግንጡ ኣብ ምጽዋዕ ሕማም ወይቦ ክተሕልፍ ኣይትኽእልን'ያ፡ ኣብ ምጽዋዕ ዘይኮነ፡ ኣብ በዓረዛ፡ ኣብ ሞንጎ ምጽዋዕን ጊንዳዕን እትርከብ ዓዲ'የ ተጠቂዐ።” ዝብል መልሲ ሃበታ።
ወይዘሮ ልኡል ከኣ፡-“ሕጂ ኸ ከመይ ኣለኺ?።” ክትብል ሓተተት።
“እግዚኣብሄር ይመስገን፡ ሳላ'ቲ ኣብ ወደብ ዝሰርሕ ህንዳዊ ሓኪም ዝኣዘዘለይ መራፍእ ሓውየ ኣለኹ።” ኢላ መለሰት።
ወግዒ ቡን ኣብ መጠረሽትኡ ምስ በጽሐ፡ ንኽድረራ መግቢ ተቐረበለን። ምስ ወድኣ ትርሓስ፡ ክልተ ዓንገረብ ዝተባህላ ዓረታውቲ፡ ብጽሩያት ኣንሶላታት ኣንጺፋ ኣብ'ታ ዘምስያላ ካንሸሎ ኣዳልያ፡ ክሳብ ድቃስ ዝወስደን ኣብ መመደቀሲኤን ኮይነን ዕላለን ቀጸላ። ክልቲኣን ኣንስቲ፡ ሓንስ ብዘይምምጽኡ ክሻቀላ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሰዓት ዓሰርተ ምስ ኮነ ወይዘሮ ልኡል፡-“ሓንስ ደኣ ናይ ድሓን ድዩ ክሳብ ሕጂ ዘይመጽእ?።” ክትብል ሓተተት።
ትርሓስ ተቐቢላ፡-“ኣይትሻቀሊ ወድኺ፡ ወጋሕታ ናብ ስራሕ ክወፍር እንከሎ፡ ሓንቲ ዝተፈላለየ ኣቕሑ ሰራዊት እንግሊዝ ዝጸዓነት መርከብ ኣብ ወደብ ክትዕሽግ ስለ ዝኾነት፡ ነዓኣ ክሳብ ነራግፍ ክመስየና ስለ ዝኾነ፡ እንተደንጐየ ኣይትሻቐሊ ስለ ዝበለኒ፡ ኣብ ስራሕ'ዩ ኣምስዩ ዘሎ።” በለት።
ወይዘሮ ልኡል ብመልሲ ትርሓስ ዓገበትን ቀሰነትን። ክልቲኣን ኣንስቲ ብዙሕ ከይጸንሓ ኣብ ዓሚቝ ድቃስ ጠሓላ።

ወጋሕታ ኣደ ትርሓስ ካብ'ቲ ዝደቀሰትሉ ዓንገረብ ተንሲኣ፣ ንወይዘሮ ልኡል ኣበራቢራ፣ ክትሽይን ናብ ሽቃቕ ኣምረሐት።
ትርሓስ ከባቢ ሰዓት ሓሙሽተ ምስ ተበራበረት፣ ተሓጺባ ንሰብኣያን ኣጋይሻን፣ ካብ እ'ኽሊ ማሽላ ዝተጋዕተት ብጠስሚን ጸባን ጨል ዘጥለቕለቐት ጋዓት ኣዳልያ፣ ንሰብኣያ ምስ ወላዲቱን ሓማቱን ክቖርስ ሓበረቶ።
ሓጎስ ካብ መደቀሲኡ ብቕልጡፍ ብምትንሳእ ከም ልሙድ ምስ ተሓጽበ፣ ናብተን ዝጽበዮኦ ዝነበራ ኣጋይሽ ብምኻድ ብምውቕ መንፈስ ሰዓመን፣ ክልቲአን ድማ ሓቝፈን በብእብረ ብምስዓም ኣጽገበኦ። ብሓባር ኮይኖም ቆረሱ። ጽንሕ ኢሉ፣ ትርሓ- ስ ንምሳሕ ዝኸውን ኣሕምልተን ስጋን ክትገዝእ ገንዘብ ሂቡ፣ ክገድፈን ምኳኑ ኣፍቂዱ ናብ ስርሑ ተበገሰ።
ትርሓስ ነቲ ዝተላእኸቶ ክትገዝእ ንሹቕ ምስ ተበገሰት፣ ወይዘሮ ልኡልን ኣደ ትርሓስን ብዛዕባ ትዕዝብትታተን ክገላለጻ ዕድል ስለ ዝረኸባ፣ ወይዘሮ ልኡል ተቐዳዲማ፦“ትርሓስ ኣብ ጽቡቕ ጥዕና ዘላ'ያ ትመስል።” በለት።
ኣደ ትርሓስ ብወገና፦“ጓለይ ኣብ ጽቡቕ ጥዕና ከም ዘላ ብምርኣየይ፣ ንእግዚኣብሄር ከየመስገንኩ ክሓልፍ ኣይደልን'የ።” መለሰት።
ኣስዒባ'ውን፦“ኣብ ኣካላታ ለውጥታት ዝተዓዘብኩ ይመስለኒ። ብወገንኪ ገለ ዶ ተዓዚ- ብኪ?። ሓተተት።
ወይዘሮ ልኡል፦“ከብዳ ዝሓፈሰ ኮይኑ ተራእዩኒ፣ ነፍሰ-ጾር ድያ ኣይኮነትን ግን ደፊረ ክዛረብ ኣይክእልን። ምናልባት ካብ ብዙሕ ምስታይ ማይ ከይከውን።” በለት።
ድሕሪ ካልኢት ኣደ ትርሓስ ካብ'ቲ ዝጠሓለቶ ሓሳብ ተበራቢራ፦“እቲ ግዝፊ ምልክት ጥንሲ ድዩ ወይስ እቲ በብቕሩብ ዝጠፍእ ሓማም ወይቦ ዝፈጠሮ እዩ ከረጋግጽ ኣይከኣልኩን።” በለት።
ወይዘሮ ልኡል፦“እቲ ግዝፊ ምልክት ጥንሲ'ምበር፣ ጽልዋ ሕማም ወይቦ ኮይኑ ኣይስመዓንን። ጥንሲ ክኾነልና ድማ እምነ።” ብምባል፣ ነቲ ናይ ወይዘሮ ልኡል ትስፍ- ውነት ከተራጉድ ፈተነት። ኣስዒባ'ውን፦“ጥንሲ ኣብ ዓሌትና ድሕሪ ሻብዓይ ወርሒ እንተዘይኮይኑ፣ ኣብ ቀዳሞት ኣዋርሕ ኣይረኣይን'ዩ። ንትርሓስ ጓለይ ክጠንስ ከለኹ፣ ኣብ ሻብዓይ ወይ ሻምናይ ወርሐይ ኢዩ ጥንሰይ ዝተፈልጠ።” ዝብል ንእምነታ ዘን-ጸባርቕ ዘረባ ተዛረበት።
ክልቲአን፣ ነቲ ኩሉ ኣድካሚ ጉዕዞን ግዜያዊ ምፍልላይን ካብ ዝተሰከማሉ ምኽንያት፣ ሓቅነት ጥንሲ ትርሓስ ንምፍላጥ ከምዝኾነ'ኳ እንተኣመና፣ ብዛዕባ ዘምጸአን ጉዳይ ንምርግጋጽ መደምደምታ ከይገበራሉ፣ ትርሓስ ካብ ሹቕ ዝግዛእ ገዚኣ ጠበሽ በለተን።
ትርሓስ ከም ኣጋይሽ ንኽዕርፋ'ኳ እንተተማሕጸነት እናኣበየተን፣ ኣብ ምድላው መግቢ ክተሓጋገዛ ብምውሳን፣ ድንሽ ክቐርፋን ከጽርያን፣ ስጋ ክመትራን ድስቲ ኩስኩስቲ ክዳልዋን ተራእያ። ምኩራት ብምኳነን ኣብ ውሽጢ ሰዓትን ፈረቓን ዘይመልእ ግዜ ንምሳሕ ዝኸውን መግቢ ኣዳለዋ። ትርሓስ ብወገና ነቲ ካንሸሎ

ብማይ ድሕሪ ምርብራባ፡ ናብ'ቲ ጫፍ ናይ'ቲ ጎደና ገዝኣ ብምኻድ፡ ካብ'ታ ኣብኡ ኮፍ ዝበለት ሰበይቲ ንምሳሕ ዝኸና እንጀራ ሸመተት።
ሰለስቲኣን ኣብ ጽላል በረንዳ ናይ'ቲ ገዛ ኮይነን እናተመስሓ፡ ብዛዕባ ኣብ ሞንጎ ምጽዋዕን ዝቕመጣሉ ዓድን ዘሎ ኩነታት ኣየር እናኣነጻጸራ፡ ንድሕሪት ተመሊሰን ግዜ ንእስነተን ዘከራ'ሞ፡ ወይዘሮ ልኡል ብሃንደበት ንትርሓስ እናጠመተት፡-"ካብ ትምርዓዊ ድሮ ክልተ ዓመት ሓሊፉ'ሎ። ንሕና ድማ ብቦኽሪ ውላድኪ ክንሕጎስ'ዩ ድልየትና።" በለት።ኣደ ትርሓስ፡ ትቕብል ኣቢላ፡-"ቦኽሪ ውላድኪ ክንርኢ ኣብ ምህንጣይ'ና ዘለና።" በለታ ፍሽኽ እናበለት።
ትርሓስ ብዛዕባ ምጥናሳ ክፈልጣ ኩቱር ድልየት ከምዘለወን ስለ ዘስተውዓለት፡-"በላ ከብስረክን ሻምናይ ወርሐይ ሒዘ ኣለኹ። ብግምት ብዛዕባ ጥንሰይ ትፈልጣ ኢኽን ዝብል ግምት ስለ ዝነበረኒ፡ ኣቐዲመ ኣይሓበርኩኽንን፡" ክይሓነኸት እቲ ሓቂ ገለጸ-ትለን።
ክልቲኣን ነዚ ምስ ሰምዓ ነቲ ዝጀመረኦ ስራሕ ኣቋሪጸን ብታሕጓስ ተፈንጨሓ። ብሃንደበት ድማ ናይ'ቲ ገዛ ህድኣት ብዕልልታ ኣናወጸኦ፡ ክይተፈለጠን፡ ክሳብ ሓጎስ መጺኡ ዘገላግላ፡ ንትርሓስ ብምስዓም ዓቕላ ኣጽበባላ፡
መኣዲ ክይተረደኣን ተላዕለ። ነቲ ዘሑጕስ ዜና ብምስማዕ ንእግዚኣብሄረን እናኣመስገና ኣደ ትርሓስ፡-"በቲ ዝሰማዕናዮ ሕጉሳት ኢና። ግዜ ከየባኸንና ንመዓልቲ ሕርሲ ክንዳሎ፡ ቦኽሪ ውላድ ጓልና ክንቅበል ክንዳሎ ስለ ዘለና፡ ክይወዓልናን ክይሓደርናን ንዓዲ ተመሊስና፡ ኣብ ውሽጢ ዝመጽእ ክልተ ሰሙን ክንምለሰኩም ኢና።" ዝብል እማመ ናብ ሓጎስን ትርሓስን ኣቕረበት።
ወይዘሮ ልኡል'ውን፡-"ቅቡል ሓሳብ'ዩ፡ ከም'ቲ ኣደ ትርሓስ ዝበለቶ ግዜ ክይኣጥፋእና፡ ንዓዲ ክንምለስ ኣለና።" በለት።
ሓጎስ ከምኡ'ውን ትርሓስ በቲ ዝሰምዕዎ ስለዘይተሓጎሱ፡ ሓጎስ ተቐዳዲሙ፡-"ነቲ ዝሕተት ንኽተዳልዋ ክትከዳ ጸገም ዘሎ ኣይመስለንን፡ ሎሚ ክትከዳ ግን ኣይድግፍን። ከም'ቲ ግቡእ ምሳና ክትቅንያ ኣለክን።" ዝብል ሓውሲ ነድሪ ዝመልኦ ዘረባ ኣቕረበ።
ኣደ ትርሓስ ተቐቢላ፡-"በቲ ዝበልካዮ ከመስግን እፈቱ። እቲ ግቡእ ክነማልኦ ስለ ዘለና፡ እቲ ዝሕተት ንምድላው ግዜ ስለ ዝጠልብ፡ ናብ ቦታና ክንምለስ ኣለና።" ብምባል መለሰት።
ወይዘሮ ልኡል ነቲ ዝተባህለ እናደገፈት፡-"ሓቃ'ያ እዚ ዝበሃል ዘሎ ንምትግባር ክንቀላጠፍ ኣለና።" በለት።
ክልቲኣን ኣንስቲ መጀመርያ ንኣስመራ ካብኡ ኸኣ ንዓዲ መዓሎ ንምጋሽ ንመዕረፊ ባቡር-ምድሪ ምጽዋዕ ተበገሳ። ዓዲ ምስ በጽሓ፡ ኣደ ትርሓስ ኵነታት ጓላ ንበዓል-ቤታ ብዝርዝር ሓበረት። ብኡ መሰረት ንጓሎም፡ ኣውራ ብጽሕቲ ወርሒ ብምዃና፡ እቲ ዝድለ ሓገዝ ከበርክቱ ተሰማምዑ።

በዓል-ቤት ኣደ ትርሓስ ኣቶ ሓድጉ፡-“ንልና ብቕጽበት ከይንሕግዝ፡ ሕጽረት ገንዘብ ስለ ዘሎና፡ ገለ ካብተን እንውንነን ጥሪት ከንሸይጥ ኣሎና።” ዝብል ኣማመ ንበዓልቲቤቱ ኣቕረበ።
ኣቶ ሓድጉ፡ ነተን ኣብ መዓሙቕ ዓይኒ በዓልቲ-ቤቱ ተደኲነን ከንጀርብባ ዝደለያ ንብዓት ምስ ረኣየ፡ ኩነታታ ብምርዳእ ንኸተባብዓ፡-“ግዲ ኣይትግበሪ፡ ክሳብ ካብተን እንውንነን ገለ ጥሪት ሼጥና፡ ነቲ እንሓስቦ ነተግብር ግዜ ኣሎና።” በላ። ኣስዒቡ’ውን፡-“ነቲ እንሓስቦ ንምትግባር፡ ክንደይ ጥሪት ክንሸይጥ?።” ኢሉ ሓተታ፡
ኣደ ትርሓስ፡ የማነ ጸጋም ድሕሪ ምጥማት ርእሳ እናሓኸኸት፡-“ክንደይ ጥሪት ከምንሸይጥ ቅድሚ ምውሳን፡ ኣብ ሕርሳ ዘድሊ ነገር ምውሳን ከድልየና’ዩ።” ኢላ መለሰት።
ኣቶ ሓድጉ ተቐላጢፉ፡-“እተን ዘድልያ ነገራት እንታይ-እንታይ ኢየን?።” ዝብል ሕቶ ኣቕረበ።
ኣደ ትርሓስ ተቐቢላ፡-“ነብሰ-ጾር ብዙሕ’ዩ ዘድልያ፡ ጽሩይ ናይ ዓዲ ጠስሚ፡ መዓር፡ ስርናይን ስገምን ካብ’ቲ ምሳና ዘሎ፡ ጸባ፡ ሹኰር፡ ስጋ፡ ደርሁ፡ ቡንን ቀጠፍ ሻህን፡ ኣባዕኸ፡ ሓባ ሱዳ፡ ጀንጀቢልን ዕጣንን ካብ ዕዳጋ ምጽዋዕ ክግዛእ ዝከኣል’ዩ።” ኢላ መለሰት።
ኣቶ ሓድጉ፡-“ንልና ካብ’ቲ ዝጠቐስክዮ ንላዕሊ ስለ ዝግበኣ፡ ኩለን ዝሓተትክየን ከነማልኣን ዝከኣል’ዩ። ስለ ዝኾነ ሓደ ብዕራይ ምሻጥ ይኣኽለና’ዩ።” ዝብል ሓሳብ ኣቕረበ።
ወለዲ ኣብ ስምምዕ ስለ ዝበጽሑ፡ ኣቶ ሓድጉ ካብቶም ዝውንኖም ኣብዑር ሓደ ሸይጡ። ኣታዊኡ ብበዓልቲ-ቤቱ ከመቓራሕ ኣረከባ።
ብመሰረት ዝተበጽሐ ምርድዳእ፡ ድሕሪ ክልተ ሰሙን ኣደ ትርሓስን ወይዘሮ ልኡልን ናብ ምጽዋዕ ኣምርሓ። ትርሓስ ኣብ ጽቡቕ ጥዕናዊ ኩነታት፡ ኣብ ምድላው ምሕራስ ቦኽሪ ውላዳ ረኸባኣ።
እቲ ቦኽሪ ውላድ ከይተወልደ፡ ክልተአን ኣንስቲ፡ ትርሓስ ብዓይኒ ሓሳድ ሰብ ከይትጥመትን ዝኾነ ሕማቕ ነገር ንኸየጋጥማን ብዝብል እምነት፡ ስኒ ንእሽቶ ነብሪ፡ ክፋል ጭራ ኢራብ ዝተጠንጠለሉ ብሩራዊ ቅርሺ ማርያ ተረዛ ኣብ ክሳዳ ሰቐላላ። መዓልቲ መዓልቲ ፎኲስ ቑናኖ፡ ኣብ መንበስበስታኣ ልኻይ እናለኸያ፡ ካብ ዒላ እታ ጥቓ ገዛ ሓጎስ እትርከብ ብቀሺ ሚከኤል እትእለ ቤተ-ክርስትያን ክትሕጸብ ኣዘዛኣ። ኣብ ደረቕ ቦታ ኮፍ ከይትብል፡ ንቤተ-ክርስትያን እንተዘይኮይኑ ካብ ኣፍደገ ቤታ ከይትወጽእ፡ ምስ ሰብ ከይትራኸብ፡ ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታት መርዓን ምኽንሻብን ከይትሳተፍ፡ ምስ ሰብኣያ ስጋዊ ርክብ ከይትፍጽም፡ መቓብር ከይትበጽሕን ኣብኡ ጸሎት ከይትገብርን ብጥብቂ ከልከላኣ።
ትርሓስ ታሽዓይ ወርሓ ምስ ኣእኸለት፡ ሕማም ሕርሲ ክትተሓዝ ጀመረት’ሞ፡ ኣደ ትርሓስ ምርባሽ ኣርኣየት። ወይዘሮ ልኡል ግን ተቐላጢፋ ንትርሓስ በጃ ዝኸውን ጸዕዳ ተባዕታይ ደርሆ ሓረደትላ። ክልቲአን ኣንስቲ ብሓባር ኮይነን ትርሓስ ምቹእነት ንኽትረክብ ብዝብል ኣብ’ቲ ኣቐዲሙ ዝተዳለወ ዓራት ኣደይበን፡ ገለ ካብ

ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ እናኣንበባ፡ ቅድስቲ ማርያም ንጓለን ብሰላም ክተገላግለለን ለመና።

ወጋሕታ 2 ግንቦት1951፡ ትርሓስ ነቲ ብሃንቀውታ እትጽበዮ ዝነበረት፡ ድሒሩ ብሽም ብሩኽ ዝተሰምየ ቆልዓ ወለደት። ክልቲኦን ኣንስቲ ካብ'ታ መዓልቲ ኣትሒዘን ነቶም "እንቋዕ ጓል ማርያም ብደሓን ተገላገለት" ክብሉ ዝመጽኡ ሰብኡትን እቲ ዝተወልደ ወዲ ምኳኑ ንኸረጋግጻ ሸውዓተ ግዜ ዝዓለላ ኣንስትን፡ ከም'ቲ ወግዕታት ዝሓቶ ንሳልስቲ ዝኣክል ኣመገባ። ኣብኡ ከይተሓጽራ፡ ትርሓስ ቀልጢፋ ጥዕናኣ ክምለስን ነቲ ቈልዓ ብጽቡቕ ንኸተጥቡን መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ገዓት ስርናይን ስገምን፡ መረቕ ስጋ ጤል፡ ጸባ፡ ኣብ ሞንጎ መግቢ ድማ ውዑይ ጸባ፡ ሻሂ፡ ጅንጅብል ዝተሓወሶ ውዑይ ማይን ኣባዕኸን ዝኣተዎ ጸባ ብራሕን ንሳምንቲ ረጨንኣ።

## 3- ዕምሪ ምልሓቕ ኤርትራ

ኢድሪስን ኢስማዒልን፣ ንትርሓስን ወዳን ክርእዩን ደሃይ ኪገብሩን ናብ ገዛ ዓርኮም ሓጎስ ኬዱ። ብመሰረት ፈደራላዊ ብይን፣ ንቲ ብ 31 ሕዳር 1951 ዝተኻየደ ምርጫ ፓርላማ ኤርትራ ዝከታተልን ንዜጋታት ኣብ'ቲ ምርጫ ንኽሳተፉ ዘተባብዕን ዝነበረ ልኡኽ ሕቡራት መንግስታት ኣንዞ ማተንዞ ስርሑ ብወግዒ ዝጀመ- ረሉ እዋን ብምንባሩ፣ ሰለስቲኦም ኣዕሩኽ ከኣ ብፖለቲካ ኣዝዮም ግዱሳት ብምን- ባሮም፣ ነቲ ዘራኽቦም ኣጋጣሚ ተጠቒሞም፣ ብዛዕባ ህሉው ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገሮም፣ ኣውራ ውጽኢት ዝተኻየደ ምርጫ ኣልዒሎም ክዛረቡ ወሰኑ።

ኢድሪስ፡-“ፖለቲካዊ ኩነታት እናተቐያየረ ይመጽእ ኣሎ። ፖለቲካዊ ሰልፍታትና ከም'ቲ ዝኾነ ሰብ ብቐሊሉ ክዳኑ ዝቕይር፣ ኣሽማተንን ፖለቲካዊ መደባተንን ብቐሊሉ ክቕያይራ ይረኣያ ኣለዋ። እታ ብሽም ቀጽሪ ናጽነት ትፍለጥ ዝነበረት፣ ድማ ስማ ናብ ቀጽሪ ዲሞክራሲ ቀይራቶ'ላ። ቀልጢፉ'ውን ድሕሪ ፈደራላዊ ብይን፣ ነቲ ናይ ናጽነት ጠለብ ደርቢያ፣ ንውሽጣዊ ምምሕዳር ኤርትራ ተቃልሕ ኣላ። ሰልፊ ሕብረት “ኣንድነት” ድማ፣ እታ ብሕቡራት መንግስታት ዝተለገሰት ባንዴራ ኤርትራ ተሪፉ፣ ብባንዴራ ኢትዮጵያ ክትትካእ፣ ወግዓዊ ቋንቋ ኤርትራ ድማ ኣምሓርኛ ክኸውን ትጽዕር ኣላ። እዚ ከይኣኽላ ነቲ ብሕቡራት መንግስታት ዝተዳለወ ቅዋም ኤርትራ ክስረዝ፣ ምስ ፈደራላዊ ብይን ብምጽራር ነቲ ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘሎ ፈደራላዊ ምትእስሳር ተሪፉ፣ ኤርትራ ብዘይ ቅድመ- ኩነት ናብ ኢትዮጵያ ክትጽንበር ብዘሕፍር ኣገባብ ትማጎት ኣላ።” ክብል ነቲ ዘተ ኸፈቶ።

ጥቓ ኢድሪስ ኮፍ ዝበለ፣ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝረኣየ ብዕድመ ዝደፍአ ባሻይ ገብረእግዚኣብሄር ዝተባህለ ኣቦ፣ ነቲ ኢድሪስ ዝበሎ ብተገዳስነት ክሰምዕ ድሕሪ ምጽ- ናሕ፣ ነቲ ኣጋጣሚ ተጠቒሙ፡-“ ብናተይ ግምት ኩሉ ዝበልካዮ ሓቂ'ዩ። ብወገነይ ዝውስኾ እንተሎ፣ እቶም ዝጠቐስካዮም ሰልፍታትን ጉጅለታትን ዝተፈላለዩ መራሕ- ቶምን፣ ንውልቃዊ ረብሓ ንምስራሕ እንተዘይኮይኑ፣ ካልእ ቁም ነገር የብሎምን። በቲ ወግሐ ጸብሐ ዘቕርቡዎ ፖለቲካዊ መትከላትን ኣጠማምታን ከይተቐየዱ፣ ንፋስ ናብ ዝነፈሰሉ እናተጠምዘዙ'ዮም ሕብርታቶምን መርገጺታቶምን ዝቕያይሩ፣ ዘለው” ክብል ንኢድሪስ እናጠመተ፣ ተዛረበ። ገና ኣብ ውሽጢ ከርሱ ዝተኣጉደ ሃልሃልታ ኪተፍእ ዝደለየ ኪመስል እንቃዓ እናተንፈሰ።“መራሕቲ ፖለቲካዊ ሰልፍታትናን ጉጅለታትናን፣ ብዛዕባ ኤርትራን ህዝባን ዘለዎም ኣመለኻኽታ እንተረኣና፣ ከም ደናቁር፣ ንነብስናን ሃገርናን ክንመርሕ ዘይንኽእል ገይሮም ስለ ዝቖጽሩና፣ ካብ እንግሊዛውያን ገዛእቲ ፈልየ ክርእዮም ስለ ዘይክእል፣ መራሕቲ ኮይኖም ክሰርሑ ብቕዓት ዘለዎም ሰባት ኮይኖም ኣይስምዑንን። ቀንዲ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ኣጠማምታኦም እንተረኣና፣ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ቆሪኖም፣ ኢትዮጵያ ከም እትገዝኣናን ባህርያዊ ጸጋታትና ከም እትምዝምዝን ምግባር ብምኳኑ፣ ብሕጋውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ኣብ ፓርላማ ወከልቲ

ንኸይህልዉና፡ ብሸምና እና ተዛረቡ፡ ንድልየትና ዘየንጸባርቕ ዝገብሩ መጋበ-ርያታቶም ዝኾኑ መራሕቲ ሃይማኖትን ቀቢላታትን ክንመርጽ ከገዱዱና’ዮም። ኩሎም መራሕቲ ዝተፈላለዩ ሰልፍታትን ጉጅለታትን ድማ ምስ መግዛእቲ እንግሊዝ ተመሻጢሮም ኣጀንዳ ኢትዮጵያ ከተግብሩ ዝጽዕሩ ዘለዉ ሰባት’ዮም።” ብምረት ዘረብኡ ኣኽተመ።

ኢድሪስ ብፖለቲካዊ ትንታኔታትን ዓቕምታትን ባሻይ እናተገረመ፡ ዝያዳ ክፈልጥ ብምድላይ፡-“ኣብ ሞንጎ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ኣጠማምታ እቶም መራሕትን ህሉው ፖለ-ቲካዊ ኵነታት ዜጋታትናን ዘሎ ምትእስሳር እንታይ’ዩ?።” ዝብል ሕቶ ኣቕረበ።

ባሻይ ብወገኑ፡-“ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ዝኾነ ምትእስሳር ወይ ዝምድናታት የለን። ፖለቲካዊ ኣጠማምታ መራሕቲ ሰልፈታትን ጉጅለታትን ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ዘተኮረ ዘይኮነ፡ ናብ ድልየታት’ቶም መራሕቲ ዝዘምበለ’ዩ። ዝበዝሑ ዜጋታት ሃገራዊ ናጽነት ክሓቱ እንከለዉ፡ እቶም መራሕቲ ሰልፍታት ነቲ ድልየት’ቲ ከሕቅቑ’ዮም ዝንቀሳቐሱ። ስለ ዝኾነ ንህዝቢ ኤርትራ ይውክሉ’ዮም ኢልካ ምዝራብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ’ዩ። እዚ’ዩ ድማ እቲ መሰረታዊ ፍልልያት ኣብ ሞንጎ ህዝቢ ኤርትራን መራሕቲ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ጉጅለታትን።” በለ ርእሱ ንላዕሊን ታሕትን እናነቓነቐ።

ኢድሪስን ኣዕሩኽቱን ኣድናቆቶም ኣብ ባሻይ ዛየደ። ብዛዕባ ውጽኢት ናይ’ቲ ዝተኻየደ ፓርላማዊ ምርጫ ርእይቶ ባሻይ ክሰምዕ ስለዝደለየ ኢድሪስ፡-“ውጽኢት ፓርላማዊ ምርጫ ብኸመይ ትርእዮ ባሻይ?። ንድልየታት ህዝብና የንጸባርቕ ዶ ትብል?።” ክብል ሓተተ።

ባሻይ፡ ኣብ ከባቢኡ ገለ ካብ ኣባላት “ኣንድነት” ከይህልዉ ንምርግጋጽ የማነ ጸጋም ቁልሕሊሕ ድሕሪ ምባል፡ ወላ ሓደ ሰብ ከምዘየለ ምስ ኣረጋገጸ፡-“እቲ ዝተኻየደ ፓርላማዊ ምርጫ ንድልየት ፖለቲካዊ መራሕቲ እንተይዘኮይኑ፡ ብዝኾነ መለክዒ ንሃንቀውታ ህዝቢ ኤርትራ ኣይውክልን። ነቲ ውጽኢት እንተረኣና፡ 86 ሰባት ተመሪጾም፡ 32 ካብኣቶም ንሰልፊ “ኣንድነት” 18 ንቀጽሪ ዲሞክራሲ፡ 15 ንሰልፊ ኣልራብጣ ኣልኢ- ስላሚያ-ምዕራባዊ ቆላታት ወይ ብሰልፊ ”ተቕሲም” [1] ዝፍለጥ፡ እቶም ዝተረፉ 3 ኣባላት ድማ ንዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ጉጅለታትን ወኪሎም ዝተመርጹ’ዮም፡” በለ፡ የማናይ ኢዱ ጸግ እናበለ፡ ገና ሓሳባቱ ከምዘይዛዘመ ስለዝተገንዞበ ድማ፡-“እቶም ኩሎም ዝተመርጹ፡ ብሕጋዊ መገዲ ዘይኮኑ፡ ብደገፍ መግዛእቲ እንግሊዝን ብምድንጋርን እዮም ኣብ ምርጫ ዝተዓወቱ። መብዛሕትኦም ደገፍቲ ኣጀንዳ ንጉስ ሃይለስላሰ ኮይኖም፡ እቲ ድሑር ሃይማኖታውን ቀቢላውን ጽልዋታት ኢዮም ተጠቒሞም፡ ከምኡ እንተዘይከውን ሰልፊ “ኣንድነት” 32 መናብር ኣብ ፓርላማ ኤርትራ ከቶ ኣይምረኸበትን።” በለ፡ ነተን ፍሪያት የዕንቱ ኣንጎልሒጡ።

---

[1] ተቕሲም ብቛንቋ ዓረብ ምምቕቓል ማለት’ዩ። እዚ ጉጅለ ድማ ኤርትራ ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ሱዳንን ክትመቓቐል ዝሓትት ዝነበረ ፖለቲካዊ ጉጅለ’ዩ።

ባሻይ ገብረእግዚኣብሄር ሓሳባቱ ከም ማይ ይፍልፍል ብምንባሩ፡-"ታሪኽ ሰልፊ "ኣንድነት" ታሪኽ ጥልመት ብምዃኑ፡ እቲ ዝረኸቦ ፖለቲካዊ ጽልዋ ብሳላ ምድግጋፍ መግዛእቲ እንግሊዝ እንተዘይኮይኑ፡ ናይ ህዝቢ ምድንጋጽ ስለ ዝነበሮ'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ብኣንጻሩ ኣብ ዕለታዊ ስርሓቱ ምፍርራሕን ምጒብዕባዕን ይፍጽም ብምንባሩ፡ ብህዝቢ ጽሉእ ዝነበረ ጉጅለ'ዩ። ኣይትዝክርዎን ድኹም እዚ ሰልፊ ኣብ 1948 ኣብ ምምስራት ጉጅለታት "ሽፋቱ"፡ ብ1950 ኣብ ምቕንጻል ዝተፈላለዩ ሃገራውያን፡ ኣብ ዝተፈለለያ ከተማታትን ገጠራትን ኣስመራ፡ ምጽዋዕ፡ ደቀ-ምሓረን ዓዲ ወግሪን፡ ዓቢ ተራ ነይሩዎ። ኣብ ከም'ዚ ነውራም ስርሓት ከይተሓጽረ'ውን፡ ኣብ'ቲ ኣብ ኣስመራ ብ 21 ለካቲት 1950 ልዕሊ ሓምሳ ሰብ ዘህለቐ ሓድሕዳዊ ምቅትታል ክርስትያንን ኣስላምን ኢድ ከምዝነበሮ ክሰሓት የብሉን።" በለ።

ኢስማዒል "እህን" ኢሉ ድሕሪ ምስትንታን፡-"ብዛዕባ'ታ ሽማ ናብ ቀጽሪ ዲሞክራሲ ዝቐየረት ከ?።" ክብል ሓተተ።

ባሻይ፡-"ድሕሪ-ባይታ ናይ'ዛ ቀጽሪ ከምቲ ኩላትና እንፈልጦ ሃገራዊ ብምንባሩ፡ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንምሉእ ናጽነት ትድግፍ ብምንባራ፡ ቀጽሪ ናጽነት ተባሂላ ትንቀሳቐስ ነበረት። እንተኾነ ኣብ መወዳእታ ነቲ ትቃለሰሉ ዝነበረት ዕላማ ወንዚፋ፡ መሪሕነታ ናጽነት ንምርግጋጽ ካብ ዘይተኻእለ፡ ፍሉይነት ኤርትራ ንምዕቃብ ፈደረሽን እንተሓ- ተትና ይሓይሽ ብዝብል መመኽነይታ፡ ንፈደረሽን ክድግፉ ይረኣዩ ኣለዉ።" ብምባል ምስ መለሰ።፡-"ፍሉይነት ኤርትራ ንምዕቃብ ብዝብል፡ ፈደረሽን ምሕታት፡ ምስምስ ወይ ፖለቲካዊ በለጽ ኮይኑ ይስመዓኒ። ምኽንያቱ ክብርን ፍሉይነትን ኤርትራ፡ ብምርግጋጽ ማሕበራዊ ሓርነትን ሃገራዊ ናጽነትን እንተዘይኮይኑ፡ ብፈደራላዊ ምትሕብባር ምስ ኢትዮጵያ ዝረጋገጽ ኣይኮነን። መራሕቲ'ዛ ቀጽሪ ብዙሕ ጸበባ ክሳብ ምቕንጻል ዝበጽሕ ስለ ዘሕለፉ፡ ከንዲ ደድሕሪ እንግሊዛውያን እናተ- ጐምብሑ ጫማ ገዛእቲ ክልሕሱ ዝፍትኑ፡ ኣብ'ቲ ዝኣምንሉ ዝነበሩ ቅኑዕ መትከላት ክረግጹ ይግባእ ነይሩ።" በለ።

ኢድሪስ ዋላ'ኳ ናጽነት ክትረጋገጽ ካብ ዘይከኣለት፡ ፈደራላዊ ብይን ክንቅበል ኣለና ዝብል እምነት ክውገድ፡ ንሱን ኣዕሩኽቱን ነቲ ብባሻይ ገብረእዝጊኣብሄር ዝቐረበ ብጽቡቕ ክርዱኡዎን ምቅይያራት ክልቲኣን ዓበይቲ ሰልፍታት "ኣንድነት"ን ቀጽሪ "ዲሞክራሲ" ን ከስተውዕልሉን ከምዝግበኦም ካብ መዓሙቕ ልቡ ይኣምን እንተነበረ፡ ንብጾቱ ዓው ኢሉ ነቲ ዝሓደሮ እምነት ክገልጽ ድንዕ-ድንዕ በለ። እንተኾነ ንኻልእ ኣጋጣሚ ሓደጎ።

ኢድሪስ ብዙሕ ከይጸንሐ፡ ብዛዕባ ጉጅለ "ተቐሲም" ክሓትት ስለ ዝደለየ፡-"ባሻይ ብዛዕባ ጉጅለ "ተቐሲም" ዝኣክል ኣይገለጽካልናን?።"በለ።

ባሻይ ጒረርኡ ድርቀት ስለዝተሰመዖ ካብቲ ኣቕዲሙ ዝተቐረበሉ ስዋ ጎርዳዕ ኣበለ'ሞ፡-"ተቐሲማውያን ምስ ነብሶምን ካልኦትን ኣዝዮም ብሩሃት ወይ ግሉጻት ነበሩ። ካብ መጀመርታ ብግሉጽ ኣንጻር ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምሉእ ናጽነት ነይሮምን ኣለዉን። እቲ ኣተኩሮም ዝሓትሉ ዝነበሩ፡ ኤርትራ ኣብ ሞንጎ

ኢትዮጵያን ሱዳንን ክትምቀል፡ እዚ እንተዘይተኻእለ ምዕራባዊ ቆላታት ካብ ኤርትራ ፈሊኻ፡ ናቱ ፍሉይ ናጽነት ክህልዎ ዝብል ነበረ።" ናይ ምግራም ሰሓቕ ድሕሪ ምስሓቕ።፦"ኣባላት "ተቕሲም" መሳፍንቲ ምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ብምዃኖም፡ ክሳብ ሕጂ ብጊልያነት ክኣምኑ፡ ከም ቀደሞም ትግሬ መበቆል ዘለዎም ዜጋታት ከገብሩን ክጭፍሉቑን ኢዮም ዝደልዩ። ግን ብሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን ስለ ዝተበድሁ ከይሰለጦም፡ ከም መቐጸልታ እከይ ግብሮም ናብ መግዛእቲ እንግሊዝ ተጸግዑ። ክንዲ ዝኾነ ብህዝቢ ኤርትራ ዝተፈንፈኑን ዝተነጸሉን ቁራቦ'ዮም።" ብምባል ደምደመ። ባሻይ ፦"ብዛዕባ'ተን ዓበይቲ ሰልፊታት ዘቕረብካዮ ንሰማመዓሉ ኢና። በዚ ኣጋጣሚ ተወሳኺ ዝሓቶ ነገር እንተሎ፡ ፓርላማ ኤርትራ በዚ ዘለዎ ኣቃውማን ፖለቲካዊ ድሕሪ-ባይታን ብኸመይ'ዩ ስርሓቱ ከካይድን ብሕቶታት ህዝቢ ኤርትራ ክግደስን ዝኽእል?።" የማናይ ኢዱ ኣብ መንከሱ ኣጸጊዑ።

ባሻይ ገብረእግዚኣብሄር ናይ ኣገናዕ ምልኪት ንኢድሪስ ፍሽኽ በሎ።-:"ኣገዳሲ ሕቶ'ዩ። ስለ ዘቕረብካዮ ድማ ከይኣመስገንኩ ክሓልፍ ኣይደልን'የ።" ድሕሪ ምባል፦ "ብዛዕባ ፓርላማ ኤርትራ ኣቐዲምና ክንፈርድን ክንዛረብን ኣሸጋሪ'ኳ እንተኾነ፡ ሰልፊ "ኣንድነት" በቲ ዘለዎ ጽልዋ ነቲ ስልጣን ክብሕቶን ዘድልዮ ክገብርን ተኽእሎ ዘለዎ ኾይኑ ይስምዓኒ። ከምኡ ብምዃኑ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ መዓልታት ሰልፊ "ኣንድነት" ምስ ጉጅለ "ተቕሲም" ስልጣን ክመቓቐሉን ኣብ ውሽጢ ፓርላማ መርገጺታቶም ከወሃህዱን ከም ዝኾኑ ብወግዒ ኣፍሊጦ'ሎ። ውጽኢት ናይ'ዚ ዘይቅዱስ ምሕዝነት፡ ድማ ተድላ ባይሩ ካብ ሰልፊ "ኣንድነት" ከም ኣቦ-መንበር ፓርላማ፡ ዓሊ ሙሳ ራድኣይ ካብ ጉጅለ "ተቕሲም" ድማ ምክትል ኣቦ-መንበር ፓርላማ ኤርትራ ክኾኑ ተራእዩ። ናይ'ዚ ዘይቅዱስ ምትእስሳር ኣጀንዳ ድማ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንምልሓቕ ተባሂሉ ዝተተለመ'ዩ።" ምስ በለ መግለጽኡ ንምጥቕላል፦"እዚ እናኾነ ግን፡ ነፍሰ-ወከፎም በብዘለዎም ኣገባብ፡ ንኣጀንዳ ኢትዮጵያ ከገልግሉ ቅሩባት'ኳ እንተኾኑ፡ ክልቲኦም ዘይሰማምዕሉ ጉዳያት'ውን ኣለዎም። ንኣብነት ሰልፊ "ኣንድነት" ልኡላውነት ፓርላም ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ፓርላማ ኤርትራ ክህሉ፣ ባንዴራ ኢትዮጵያ ወግዓዊት ባንዴራ ክትከውን፣ ወግዓዊ ቋንቋ ኤርትራ ኣምሓርኛ ክኸውን ክሓትት ከሎ፡ ሰልፊ "ተቕሲም" ነዚ ኹሉ ስለ ዘይድግፍ፡ ኣብ ጉዳያት ዝምድና ፓርላማ ኤርትራን ንጉስ ሃይለስላሴ ዝቆጻጸሮን ዝረቐሐን ስማዊ ፌደራላዊ ፓርላማን፡ ሕቶ ወግዓዊ ባንዴራን ቋንቋን ኣብ ዝብሉ ጉዳያት ዝሰማምዑ ኣይኮኑን።"

በለ'ሞ ግዜ ምሳሕን ዕረፍትን ከም ዝቐረበ ብምርዳእ፡ ኩሎም ንኽብገሱ ንሓጎስን በዓልቲ-ቤቱን ልዕሊ ኹሉ ዳማ ንባሻይ ገበረእግዚኣብሄር ኣመስገኖም። ኢድሪስን ኣዕሩኽቱን ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ንኽራኸቡን ብዛዕባ ፖለቲካዊ ጉዳያት ሃገሮም ብቐጻሊ ክዘራረቡን እናተመነዩ፡ ናነብ ቦትኦም ተመልሱ።

## 4- ክብ ለጠቕ ፖለቲካዊ ኣረኣያታት

ደገፍቲ ኢትዮጵያ ዝተቈጻጸርዎ ፓርላማ ኤርትራ፡ ነቲ ልኡኽ ሕቡራት መንግስታት ዝጸሓፎ ቅዋም ኤርትራ ከጽድቕ እንከሎ፡ ምምሕዳር ብሪጣንያ ከኣ ነታ ተድላ ባይሩ ዝመርሓ መንግስቲ ከቕውም ከኣለ። ብተወሳኺ'ውን፡ ንኣቶ ዓሊ ሙሳ ራድኣይ ከም ኣቦ-መንበር ፓርላማ መረጸ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኣብ ኣስመራ ዳሳት ተተኺለን ሕሩድን እኽለ-ማይን ተበልዐን ተሰትየን። ደገፍቲ ዘበሉ ባህላዊ ክዳውንቶም ወድዮም፡ ስዋ፡ ቢራን ኣረቅን ከም ዘይሓ- ልፍ ተዓደለን ተሰትየን። እቶም ተጻረርቲ ማለት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ክትቁረን ዘይደልዩ ድማ፡ ኣእዛኖም ኣውዲቖም ካብ'ቲ ዝግበር ዝነበረ ዳንከራ ተኸወሉ።

መንግስቲ ኤርትራ ካብ ዝቐውም፡ ነቲ ፌደራላዊ ብይን ንምብርዓን ተባሂሉ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኤርትራ ዝተፈላለየ ምትእትታው ከተርኢ ጀመረት።ንጉስ ሃይለ ስላሰ ብመሰረት ፌደራላዊ ብይን ዝሓቶ፡ ነቲ ናይ ኤርትራ ቅዋም ከምዘጽደቐ ረሲዑ፡ ክልተ ንጉሳዊ ድንጋጌታት ማለት ድንጋጌ ቁጽሪ 6ን ድንጋጌ ቁጽሪ 130ን ናይ 1952 ኣውጸአ። እቲ ቀዳማይ ድንጋጌ፡ ቅዋም፡ ሕግታትን መምርሒታትን ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ተግባራውነቶም ክረጋገጽ ክእዝዝ ከሎ፡ እቲ ካልኣይ፡ ንፍትሓዊ ትካላት ኤርትራ ብዘቆናጽብ፡ ፍትሓዊ ትካላት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ልኡላውነት ከም ዝህሉዎም ዝእዝዝ ነበረ።

ኢድሪስን ኣዕሩኽቱን፡ ፌደራላዊ ብይን፡ ብሕቡራት መንግስታት ከም ዝጸሓፍ ስለ ዝተገብረ ብኦኦም ውሑስ ከምዝኾነ፡ ካብ ዝኾነ ወገን ንኽይጨራረምን ንኽይሽራረፍን ክከላኸሉ ስለ ዝኾኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ብይን ኣቢሉ ነጻ ኮይኑ፡ መዓልታዊ ህይወቱ ክመርሕ ይኽእል'ዩ ዝብል እምነት ብምሕዳሮም፡ ነቲ ፌደራላዊ ብይን ይቀበልዎ'- ምበር፡ ስቕታ ማሕበረ-ሰብ ዓለም፡ ብፍላይ ከኣ ስቕታ ልኡኽ ሕቡራት መንግስታት ብዛዕባ ምትእትታው ኢትዮጵያን እንግሊዝን ግን ክርድእዎ ኣይከኣሉን። ስለ ዝኾነ ኢትዮጵያ ነቲ ፌደራላዊ ብይን ከተተግብር ቅርብቲ ኣይኮነትን ዝብል ጥርጣረ ከሕድሩ ጀመሩ። ባሻይ ገብረኣዝጊኣብሄር ዝብሎ ዝነበረ ድማ በብኽሩብ ክስቆሮም ጀመረ።

ሓንቲ ምሸት ከም ቀደሞም፡ ኣብ ድኳን ኢድሪስ ኮይኖም ብዛዕባ ህልው ፖለቲካዊ ኩነታት፡ ኣውራ ነቲ ኩሉ ሰብ ዝዛረበሉ ዝነበረ ብንጉስ ሃይለ ስላሴ ዝወጽኦ ክልተ ድንጋጌታት ኣልዒሎም እናተዛረቡ እንከለው፡ ብሃንደበት ሓደ እሙን ዝኾነ ኣብ ኣርባዓታት ዝገማገም፡ ኣቶ መሓመድ ኑራይ ዝተባህለ ኣባል ፓርላማ ጠበሽ በሎም። ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ ኢድሪስ ካልእ ዓብላሊ ኣርእስቲ ከይነቐለ ተቐዳዲሙ፡-“ብኹለን ጋዜጣታት ኣዛራቢ ኮይኑ ዘሎ ድንጋጌታት ንጉስ ሃይለ ስላሰ ብኸመይ ትርእዮ።” ክብል ሓተተ።

ኣቶ ኑራይ ድሕር ከይበለ፡-“ሕግታት ኢትዮጵያ ቅዋማዊ መልክዕ ስለ ዘይብሉን፡ ብድልየትን ፍቓድን ንጉስ ሃይለስላሰ ስለ ዝወጸኣን ብቑዕ ኣይኮነን። እንተ ሕግታት ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ ብሕቡራት መንግስታት ዝወጸ ቅዋም ስለ ዝምርኮሳ እዋናውን

ዲሞክራስያውን መንፈስ ስለ ዘለዎን፡ ረብሓታት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ዘእተወ ስለ ዝኾነን፡ ምስ ሕግታት ኢትዮጵያ ከም ዘይሳነ ኣቐዲምና ክነስተብህለሉ ዘሎና ሓቂ'ዩ።" ምስ በለ፡ ኣስዒቡ፦"ቅዋም ኤርትራ፡ ስርሓትን ሓላፍነትን ፍትሓዊ ኣካልን ኣብያተ-ፍርድን ኤርትራ፡ ብዝኾነ ወገን ብዘይፍቃድ ሕቡራት መንግስታት ክጠሓሳ ከምዘይፍቀድ፡ ፈደራላዊ ብይን ኣረጋጊጹዎ'ዩ። ስርዓት ሃይለስላሰ፡ ዝኾነ ህዝባዊ ደገፍ ይኹን ምድንጋጽን ስለ ዘይብሉ፡ ብመሰረቱ ድማ መሰፍናዊ ስርዓት ብምዃኑ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ድላዩ ክፍጽም ከም ዝኽእል እምነት ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ኤርትራ ህዝቢ ዝምረሓሉ ቅዋም ክህሉ ድልየት ንጉስሃይለ ስላሰ ከም ዘይኮነ ዝርደኣኒ ጉዳይ እዩ። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ልዕሊ ፖለቲካዊ ስርዓት ኤርትራ ዝኾነ ዕቃበታት እንተለና'ውን፡ ብህዝቢ ዝተመርጸ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ከምዝኾነ ዝሰሓት ኣይኮነን።" ኢሉ ብፍሱህ መንፈስ መለሰ።

ኢድሪስ ብወገኑ፦"ቅድሚ ሳልስቲ፡ ብማሕበር ሰራሕተኛታት ሰፋሕቲ ኣድማታት ተኻይዱ ነበረ። እዚ ድማ ብወገነይ መርኣያ ኣብያ ኤርትራውያን ንምትእትታው ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ ልዕሊ ቅዋም ኤርትራ ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ኣድማ ጠለብ ምውሳኽ ደሞዝ'ውን ተላዒሉ እንተነበረ፡ ብመሰረቱ እቲ ኣድማታት መርኣያ ኣብያ ንኹሉ ፖሊሲታት ምትእትታው ኢትዮጵያ ከም ዝኾነ ዘጠራጥር ኣይኮነን።" ኢሉ ኣብ ልዕሊ መግለጺ ኣቶ ኑራይ ወሰኸ።

ሓጎስ ብወገኑ፡ ነቲ ዘተ ብምስትምቃር፦"ኩሎም ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ንኢትዮጵያ ዝድግፉ ዝነበሩ ወገናት፡ ነቲ ቅሉዕ ምትእትታው ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኤርትራ እናነጸጉ ይመጹኡ ስለ ዘለዉ፡ ሓቂ ካብ ሓሶት እናተጋህደት ትመጽእ ኣላ።" ቅሩብ ዝን ድሕሪ ምባል፦"ምስ ገለ ዝፈልጦም ሰባት፡ ኣብ'ቲ ብሓደ ካብ'ቶም ናይ ኢትዮጵያ መራሕቲ እንዳልካቸው መሳይ ዝተባህለ፡ ብ2 ታሕሳስ 1952፡ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ኣስመራ ዝተጸወዐ ኣኼባ ተሳቲፈ ነይረ። እዚ መራሒ'ዚ፡ ደቂ ሓንቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓደ ዘውዲ እንነብር ሰባት ከም ምዃና ... ምስ ገለጸ፡ ኩሎም ተሳተፍቲ ተቃውሞ ብናይ ሓባር ድምጺ ኣስምዑ። እዚ ድማ እምቢታ ህዝቢ ክሳብ ክንደይ ንላዕሊ ከም ዝዓረገ ዝገልጽ ኣብነት'ዩ።" በለ።

ኢድሪስ ካልእ ኣርእስቲ ከልዕል ብምድላይ፦"መንግስቲ ኢትዮጵያ ንቕዋም ኤርትራ ንምዝራግ ጥራይ ኣይኮነትን ተበጊሳ። ነቲ ኣብ ኤርትራ ተመስሪሑ ኣብ ዕዳጋታት ኤርትራ ዝቐርብ ሃለኽቲ ኣቕሑት ከም ጨው፡ ነዳዲን ፍርያቱን፡ ኣልኮላዊ መስተ ብዕጽፊ እናኣቕረጸት፡ ነቲ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ዝለኣኽ ኣቕሑ ኤርትራ ድማ ከይኣቕረጸት፡ ብኣንጻሩ ካብ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ ዝለኣኽ እኽሊ ዕጽፊ እና ኣቕረጸት፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣታዊታት ጉምሩክ ንኸይረክብ ዝተፈላለየ መምርሒታት እናኣውጸአት፡ ንቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገርና ንምዕናውን ንመንግስቲ ኤርትራ ንምንብርካኽን እውን ትሰርሕ ኣላ።" ዝብል ሓዲሽ ርእይቶ ኣቕረበ።

ኣቶ መሓመድ ኑራይ ነዚ ምስ ሰምዐ፡ ምትእትታው ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኤርትራ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ ከም ዘሎ ብምስትውዓል፡ እዚ ድማ ብወገን

ኣባላት ፓርላማ ክቃላዕ ኣለዎ ዝብል እምነት ብምሕዳር፡-“ምትእትታው ኢትዮጵያ ኣብ ጉዳይ ምውሳኽ ወይ ምንካይ ቀረጽ ከይተሓጽረ፡ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ካብ ትካል መገዲ-ባቡር፡ ኤርፖርት፡ ተሌፎንን ተለግራፍን ብሕጋዊ መገዲ እትረኽቦ ኣታዊታት ቀረጽ ንኽይትረክብ፡ ነተን ትካላት ክትቆጻጸር’ያ ትፍትን ዘላ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ቅድሚ ሕጂ ነተን ዋንነተን ናይ መንግስቲ ኤርትራ ዝኾና ገዛውትን ብሉጻት ቪላታትን ከም ዝዘመተት ኩላህና እንዝክሮ ሓቂ’ዩ።” በለ’ሞ፡ ኣስዒቡ’ውን፡-“እዘን ዝተጠቕሳ ጉዳያት ኣብ ዝሓለፉ ኣኼባታት ፓርላማ ተዛሪብናለን ኔይርና። ብተወሳኺ’ውን፡ ነቲ መንግስቲ ኤርትራ እትረኽቦ፡ ገለ ኣርባዕተ ሚልዮንን ፈረቓን ኣታዊታት ቀረጽ ናበይ ከም ዘምረሐ ንምርግጋጽ፡ ሓንቲ ካብ ኣባላት ፓርላማን መንግስትን ዝቖመት ሽማግለ ድሮ ተመስሪታ ኣላ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ነዚ ጠለብ እንተተቐቢላቶ ብርግጽ ንመንግስቲ ኤርትራ ካብ ውድቀት ከነድሕን ኢና፡ እንተዘይኮነ ኢትዮጵያ ንቑጠባዊ ውድቀት ኤርትራ ትሰርሕ ከም ዘላ ግሁድ ክኸውን እዩ።” በለ።

ኢድሪስ ብቐጻሊ ነተን መዓልታዊ ዝሕተማ ጋዜጣታት የንብብ ብምንባሩ፡ ኣቶ መሓ- መድ ኑራይ ዘረብኡ ምስ ወደአ፡-“ቅድሚ ክልተ መዓልታት፡ ኣብ’ታ ኣብ ሰሙን ሓንሳብ እትሕተም “ዘመን” ዝተባህለት ጋዜጣ፡ ኢትዮጵያ፡ ንቅዋም ኤርትራ ይኹን ንሕግታታን ኣብያተ-ፍርዳን ክትትንክፍ መሰል ኣይነበራን። ንጉስ ሃይለስላሴ ገለ ካብተን ብሕቡራት መንግስታት ዝተጻሕፋ ዓንቀጻት ቅዋም ኤርትራ ክቅይር ወይ ክንኪ እንተደልዩ፡ ኣቐዲሙ ካብ’ቲ ካብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ብማዕረ ዝቆመ ፌደራላዊ ባይቶ ፍቓድ ክረክብ ኣለዎ...”። በለ’ሞ ዘረብኡ ከይወደአ፡ ኣቶ መሓመድ ኑራይ፡-“እታ ዝጠቐስካያ ጋዜጣ ሓቂ’ያ ጽሒፋ። ዝውስኾ እንተሎኒ፡ ከም’ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ፡ መንግስቲ ኤርትራ’ውን እንተኾነት፡ ብዘይ ፍቓድ ሕቡራት መንግስታት ወይ ላዕላዋይ ፌደራላዊ ባይቶ፡ ኣብ ቅዋም ኤርትራ ወይ ሕግታት ወይ ዕማማት ኣብያተ-ፍርዲ ክትውስኽ ወይ ክትንኪ ስልጣን የብላን።” በለ። ኣስዒቡ’ውን፡-“ብመሰረት ዲሞክራስያዊ መሰላት፡ ብዙሓት ጋዜጣታት ኤርትራ፡ ነቲ ብመንግስቲ ኢትዮጵያን ንጉስ ሃይለስላሰን ዝግበር ዘሎ ምትእትታዋት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኤርትራ፡ ዝውጽኦ ድንጋጌታት ናይ ጉምሩክ ኣታውታትን ምድንጓይ ምምስራት ላዕላዋይ ፌደራላዊ ባይቶን ክነቕፉን ክቃወማን ተራእየን እየን።” ክብል ኣብረሀ።

ኢስማዒል፡ ብዛዕባ ምድንጓይ ላዕላዋይ ፌደራላዊ ባይቶ ዝምልከት ስለ ዘይተረደኦ፡- “ብዛዕባ ፌደራላዊ ባይቶ ዝበልካዮ ስለ ዘይተረድኣኒ፡ ብዝያዳ እንተ ኣብራህካልና ጽቡቕ’ዩ።” ዝብል ቅርጥው ሕቶ ኣቕረበ።

ኣቶ ኑራይ እስማዒል ፖለቲካዊ ፍልጠቱ ድሩት ምኻኑ ዝተገንዘቦ ክምስል ብተገዳስነት፡-“ሓንቲ ካብተን ዓንቀጻት ፌደራላዊ ብይን፡ ብዛዕባ ምቛም ላዕላዋይ ፌደራላዊ ባይቶ ዝምልከት ትገልጽ’ያ። ንሳ እቲ ባይቶ ብማዕረ ኣባላት ክልቲኤን ሃገራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ከም ዝቖውም ተበርህ። ብመሰረት’ቲ ዓንቐጽ ፓርላማ ኤርትራ ኣብ’ቲ ላዕላዋይ ፌደራላዊ ባይቶ ዘገልግሉ ሓሙሽተ ሰባት

ክውክል ከሎ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ እቲ ላዕላዋይ ፌደራላዊ ባይቶ ክቐውም ስለዘይደለየት ክሳብ ሕጂ ወከልታ ኣይመረጸትን። እዚ ጉዳይ’ውን ኣብ ኣኼባታትና ተዛሪብናሉን ንመን- ግስቲ ኢትዮጵያ’ውን ብወግዒ ወቒስናያን ኣለና። ብናተይ ኣረኣእያ፡ ኢትዮጵያውያን ነቲ ኣብ ፌደራላዊ ብይን ሰፊሩ ዘሎ ከተግብሩዎ ፍቓደኛታት ኣይኮኑን ዘለዉ፡ ብተወ- ሳኺ’ውን ወከልቶም ኣብ ላዕላዋይ ፌደራላዊ ባይቶ ክመርጹ ድልየት የብሎምን። በንጻሩ ግን ኤርትራ ወከልታ መሪጻ ኣላ።” በለ። ኣቶ መሓመድ ኑራይ ዘረብኡ ምስ ወደአ፡ ኣብ ጅቡኡ ዝነበረት ሰዓት ኣውጺኡ ረኣየ’ሞ፡ ሰዓት ሓሙሽተ ድሕሪ ቀትሪ ተመልክት ብምንባራ፡ ቆጸራ ከም ዘለዎ ብምዝካር፡ ንኽኸይድ ኣፍቂዱ ተሰናበቶም፡ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ንክራኽቡ ድማ ተተሰፈወ።

ኣብ 1952-1953 ዝተፈላለያ ጋዜጣታት ነቲ ኣብ ውሽጢ ፓርላማ ኤርትራ ዝካየድ ዝነበረ ክትዓት ከንጸባርቃ ምስ ጀመራ፡ ኩሉ ሰብ ነቲ ናይ ኢትዮጵያ ምትእትታው ክነቕፍን ክቃወምን ተራእየ። መልሰ ግብሪ ኢትዮጵያ ግን ዝተፈልየ ነበረ። ንሱ ድማ ጠፊኦም ዝነበሩ “ሸፋቱ” ኣበራቢራ፡ ኣንጻር ኢትዮጵያ ኢዮም እትብሎም ኣባላት ፓርላማን ሃገራውያን ውልቀ-ሰባትን፡ ናይ ምፍርራሕን ምቕንጻልን ስጉምትታት ክው- ሰድ ከተተባብዕ ወሰነት። ስለ ዝኾነ ኣብ ጥሪ 1953 ብዙሓት ዜጋታት ተሃዲኖም፡ ተኣ- ሲሮም፡ ሓዳሮምን ህይወቶምን ተኸላበተ። ገለ ከም ኣብነት ንምጥቃስ፡ ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም፡ ድሕሪ ናይ ሹዱሽተ ናይ ቅትለት ፈተነ፡ ንመበል ሻብዓይ ግዜ፡ ክልተ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተቖጽሩ ዕሱባት ሸፋቱ ቶኽሲ ከፊቶም፡ ብኽቢድ ስለ ዘቑሰ- ሉዎ ንኣዋርሕ ዝኣክል ኣብ ሆስፒታል ኣስመራ ከም ዝድቅስ ኮነ።

## 5- ምትእትታው ኣምር ማሕበራውያን ውድባት

ሓጎስ ንኣዕሩኽቱ ኢድሪስን ኢስማዒልን ምሳሕ ዓደሞም። ከም'ቲ ኩሎም ተቐማጠ ምጽዋዕ ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ኣጋጣሚ ዝገብርዎ፡ ፍርቂ መዓልቲ ምስ ኮነ፡ ናብ ገዛ ሓጎስ ኣምርሑ። ኣብኡ ምስ በጽሑ፡ ኢድሪስ ሓደ ዘይፈልጦ ጋሻ ኣብ'ቲ ገዛ ጸንሖ። ሰላምታ ምስ ተለዋወጡ፡ እቲ ጋሻ ኡስታዝ ናፍዕ [1] ዝብል ሳን ከም ዘለዎ ሓበሮ'ሞ፡ ተገሪሙ፡-"ሓቀኛ ሽምካ ዘይትጥቀም፡ ብሳን ክትጽዋዕ እንታይ ኣድለየ?።" ክብል ሓተቶ።
ናፍዕ ብወገኑ፡-"ሓቀኛ ስመይ ዓሊ ዓብዱ እበሃል። ካብ'ቲ ዘጋጥመና ዘሎ ፖለቲካዊ ኩነታትን ብወገን ፖሊስ ኣንጻር ዝተፈላለዩ ሃገራውያን ዜጋታት ዝግበር ዘሎ ሃድንን ንምርሓቕን ንምኽዋልን፡ ኡስታዝ ናፍዕ ዝብል ሳን ሒዘ ክንቀሳቐስ መሪጸ።" ክብል መለሰሉ።
ኢድሪስ፡ ሕጂ'ውን ስለ ዘይበርሃሉ፡-"ጥዑይ ሰብ ክንስኻ፡ ስለ ምንታይ'ዩ ፖሊስ ክሃድነካ ዝፍትን?።" ክብል ኣጥቢቑ ካልኣይ ሕቶ ኣቕረበሉ።
ኡስታዝ ናፍዕ፡-"እቲ ዝበልኩዎ ኣይተረደኣካን። ኣባል ናይ'ቲ ብኣቶ ወልደኣብ ዝምራሕ ማሕበር ሰራሕተኛታት ብምዃነይ፡ ደገፍቲ መንግስቲ ንዝኾኑ ሰባት ንኸደናግርን ካብ ሃድና ፖሊስ ክድሕንን ብዝብል ምኽንያት፡ ሓቀኛ ስመይ ከዊለ ብሳን ክፍለጥ ብመሪሕነት ማሕበር ስለ ዝተሓበርኩ፡ ብሽም ኡስታዝ ናፍዕ ክጽዋዕ መሪጸ'ለኹ።" ፍሽኽታ ኣሰንዩ መለሰ።
ኢድሪስን ኣዕሩኽቱን፡ ነዚ ሓዲሽ ንፖሊስ ዘደናግር ኣገባብ ንኢዶም። ብዛዕባ ማሕበር ሰራሕተኛታት ዝፈልጥዎ ነገር ስለዘይነበሮም፡ ኣገዳስነት ምምስራት'ቲ ማሕበር ክፈልጡ ድልየት ብምሕዳሮም፡ ኢስማዒል፡-"ሰራሕተኛታት ናቶም ፍሉይ ማሕበር ክህልዎም ስለ ምንታይ ተመርጸ?። ማሕበር ከ እንታይ ማለት'ዩ?።" ዝብሉ ክልተ ሕቶታት ኣከታተለ።
ኡስታዝ ናፍዕ፡ ብዛዕባ ማሕበር ሰራሕተኛታት ክገልጽ ግቡእ ኮይኑ ስለ ዝተሰመዖ፡ ብዘይ ምውልዋል፡-"ማሕበር ሰራሕተኛታት፡ ስራሕተኛታት ብወሃብቲ ስራሕ ንኸይም- ዝመዙን ክነቕሑን፡ መዓልታዊ ህይወቶም ንኽመሓየሽ፡ ብመሰልን ሕቶታትን ሰራሕተ- ኛታት ዝግደስ ሓደ ሰፊሕ ባይታ ምትእኽኻብ ኢዩ።" ኢሉ መለሰ።
ኢድሪስ ሰራሕተኛ ዝብል ፍሉይ ማሕበራዊ ጉጅለ ምጥቃሱ ስለ ዝገረሞ፡-"እቲ ማሕበር ስለምንታይ ናብ ሰራሕተኛታት ጥራይ ዘተኰረ?። ነቶም ካልኦት ከም፡ ሓረስ- ቶት፡ ጓሶት፡ ወነንቲ ዱኳናትን ኣብያተ-ሻህን፡ ካብ ሰራሕተኛታት ፈልኻ ዘይትርእዮም ስለዝኾኑ ንምንታይ ዘይግደሰሎም?።" ክብል ሓተተ።
ኡስታዝ ናፍዕ፡ ከም'ዚ ዓይነት ሕቶታት ክቐርበሉ'ኳ ኣብ ትጽቢቱ እንተዘይነበረ፡ ካብ ወረደ ብምባል"እቶም ዝጠቐስካዮም ብርግጽ ካብ ሰራሕተኛታት ዝፍለዩ ኣይኮኑን። እንተኾነ፡ ሓደ ዓይነት ሕቶ ስለ ዘይብሎምን ኣብ ሓደ ዓይነት ስራሕ ስለ

---

[1] ኡስታዝ ብቛንቋ ዓረብ፡ ከም ኣኽብሮት ንሓደ ምሁር ሰብ፡ ከም ድርብ ሽም ዝወሃብ ኢዩ።

ዘይሰርሑን፡ ኣብ ሓደ ባይታ ክጥርነፉ ዝኽኣል ኣይኮነን። እዚ ክበሃል ከሎ ግን ማሕበር ሰራሕ- ተኛታት ክግደሰሎም የብሉን ማለት ስለ ዘይኮነ፡ ኣብ'ዚ ዘለናዮ ፖለቲካዊ ሃዋሁ ግን፡ ኣብ ሞንጎ ኩሎም ርሂጻም ዝበልዑ ወገናት፡ ናይ ምሕዝነት ምትእስሳር ንኸህሉ ብወገን'ቲ ማሕበር ዝተፈላለየ ጻዕሪታት ይካየድ ኣሎ።" ብምባል መለሰ፡ ዘዕገቦ ኮይኑ ኸኣ ተሰምዖ።

ሓጎስ ብወገኑ፡ ኣገዳስነት ናይ'ዚ ዝተላዕለ ጉዳይ ብምስትውዓል፡-"ብዛዕባ ማሕበር ሰራሕተኛታት ቅድሚ ሕጂ ሰሚዕና ስለ ዘይንፈልጥ፡ ዝኾነ ኣፍልጦ ኣይነበረናን። ብዛዕባ እዚ'ውን ኣብ ዝሓለፉ ክትዓትና ኣልዒልና ተዛሪብና ኣይንፈልጥን።" በለ'ሞ፡ "ስለ ዝኾነ፡ ዝኾነ ተቓውሞ እንተዘይብልካ፡ ብዛዕባ ኩነታትን ዕላማታትን ማሕበር ሰራሕተኛታትን፡ መዓስ ከምዝተመስረተን?። እንተኣብራሀካልና ጽቡቕ'ዩ።" በለ። ኣወንታዊ መልሲ ካልኦት እናቋመተ።

ኡስታዝ ናፍዕ፡ ዝኾነ ተቓውሞ ስለ ዘይነበሮ፡-"ኣባላት'ዚ ማሕበር፡ ብዛዕባ ማሕበሮም ንዜጋታት ከፍልጡ ግቡኦም ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ዘቕረብካዮ ሕቶታት ክምልስ ክፍትን'የ።" ምስ በለ ብምቕጻል፡-"ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ኤርትራ ድሕሪ ዝተኻየዱ ሰፋሕቲ ኣድማታት፡ ኣውራ ኣድማታት ሰራሕተኛታት መገዲ ባቡር፡ ብዙሓት ከም በርሀ ዓንደ ሚካኤል ካብ ፋብሪካ ጠርሙዝ፡ ጸጋይ ካሕሳይ ካብ ፋብሪካ ጫማ፡ ክፍለ በራኺ ካብ መገዲ ባቡር... ዝኣመሰሉ መራሕቲ ሰራሕተኛታት፡ ኣብ 1951 ሓደ ንሰራሕተኛታት ዝውክል ማሕበር ንምምስራት ክንቀሳቐሱ ጀመሩ። ሓሳቦም ስለ ዝሰመረሎም ድማ፡ ካብ ዓሰርተ ዘይውሕዱ፡ ከም መገዲ ባቡር፡ ፋብሪካ መሎቲ፡ ጫማታት፡ ጠርሙዝ ዝኣመሰላ ኮንፌደረሽናት ዘጠቓልል ሓደ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኣብ ሕዳር 1951 ብውግዒ መስረቱ። ካብ ምምሕዳር እንግሊዝ ፍቓድ ምምስራትን ስራሕን ምስ ረኸበ ድማ ኣብ ጥሪ 1952 ብደረጃ ሃገር ሕጋዊ ተፈላጥነት ረኸበ።" ዝብል መብርሂ ኣቕረበ።

ኢድሪስ ካብ ኣመሰራርትኡ ኣብ ዕላማ ስለ ዘድሃበ፡-"ዕላማ'ዚ ማሕበር እንታይ እዩ?።" ዝብል ሕቶ ኣቕረበ።

ኡስታዝ ናፍዕ ደስ እናበሎ፡-"ቀንዲ ካብ ዕላማታት ማሕበር ሰራሕተኛታት፡ ኩነታት ስራሕ ሰራሕተኛታት ምምሕያሽ፡ ኣብ ስራሕ ኣብ ዝጉድኡሉ እዋን ርትዓዊ ካሕሳ ከምዝረክብ ምግባር፡ ጉዳያቶምን ጥርዓናቶምን ሰሚዕካ ፍታሕ ምንዳይ ዝብሉ ይርከ- ብዎ።" ኢሉ መለሰ።

ኢስማዒል ብወገኑ፡-"ካብ ብዙሓት ወገናት፡ ኣቶ ወልደኣብ ሓደ ካብቶም መስረቲ ምንባሩ ሰሚዐ። ሓቅነት ናይ'ዚ ከመ'ዩ?።" ንኡስታዝ ናፍዕ እናጠመተ ሓተተ።

ኡስታዝ ናፍዕ ኣዕሚቑ ድሕሪ ምስትንፋስ፡-"ኣቶ ወልደኣብ ካብ'ቶም መስረቲ እንተዘይነበረ፡ እቲ ማሕበር ምስ ተመስረተ፡ ገለ ሓለፍቲ ኣብ ምጽሓፍ ቅዋም ናይ'ቲ ማሕበር ክሕግዞም ምስ ጠለቡ፡ ፍቓደኛ ብምንባሩ፡ ነቲ ቅዋም ብምንዳፍ፡ ዓብይ ሓገዝ ኣበርኪቱ'ዩ።" ብምባል ምስሊ ወልደኣብ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ እናተቐጀለ መለሰ።

ኢድሪስ ነቲ ኣርእስቲ ተቐቢሉ፡-"ቀንዲ ካብቲ ብወገን ኣቶ ወልደኣብ ኣብ'ቲ ቅዋም ዝሰፈረ መብርሃልካን'ዶ?።"

ኡስታዝ ናፍዕ፡-"ኣብ'ቲ ቅዋም ብዙሓት ዓንቀጻት ሰፊረን ኣለዋ። ቀንዲ ካብአን፡ እቲ ማሕበር ብሰላማዊ ኣገባብ ክሰርሕ፡ ብዘይ ፖለቲካዊ፡ ቀቢላዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ሃይማኖታውን ጾታውን ፍልልያት ንኹሎም ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ክፉት ከም ዝኸውን፡ ሓድነት ሰራሕተኛታት ምርግጋጽ፡ መነባብሮኦምን ፖለቲካውን ኣካዳምያውን ንቕሓቶም ክብ ምባል ዝኣመሰሉን ካልኦትን ዓንቀጻት ይርከብዎ።" በለ'ሞ ኣስዒቡ፡-"እዚ ኹሉ፡ ኣብ ውሽጢ ማሕበር ምዕቡል ዝኾነ ፖለቲካዊ ሃዋህው ፈጢሩ። ንሰራሕ- ተኛታት ካብ ዝኾነ መቓቕሊ ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃውን ቀቢላውን ስምዒታት ክርሕ- ቖም ከኣለ። ሰራሕተኛታት ዝምርሕሉ ቅዋም ብምውናኖም ድማ፡ ብዙሓት ቆናስል ኣመሪካ፡ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳን ኢጣልያን፡ ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ናይ ፖለቲካ መራሕቲ ዝኾኑ ኤርትራውያን ዝተዓዘብዎ ብ16 ሕዳር 1952 ጉባኤ ተገብረ'ሞ፡ እቲ ጉባኤ ንኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ከም ኣቦ-መንበር፡ ንኣቶ ስራጅ ዓብዱ ከም ምክትል ኣቦ-መንበር፡ ንኣቶ ተወልደ ተድላ ከም ዋና ጸሓፊ፡ ንካብ'ልየሪ ዓብደላ ጎናፍር ከም ተሓዝ ገንዘብ፡ ንዝተፈላለዩ ካልኦት ከም፡ ኢብራሂም መሓመድ ዲንን ጸጋይ ካሕሳይን ከም ኣማኸርቲ መረጸ።" ብምባል ጽሙቕ ዝበለ ሓበሬታ ኣቕረበ።

ምድረ-ሰማይ ጸልሚቱ፡ ከባቢ ጽምዋ ኪዓስሎ ምስ ተዓዘቡ፡ ኩሎም ናይ ምድቃስ ግዜ ከም ዝኣኸለ ስለ ዝተገንዘቡ፡ ንኻልእ ግዜ ንክራኸቡ ተሰፋ እናገበሩ ተፈላለዩ።

## 6- ምንቈልቃል ቁጠባ ኤርትራ-ከም ምርጫ

1952 ክትውዳእ ምስ ቀረበት፡ ምትእትታው ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኤርትራ እናገደደ ክመጽእ ጀመረ። እዚ ብወገኑ ቁጠባዊ ኵነታት ኤርትራ ብዝያዳ ከምዝንቈልቀል ስለ ዝገበረ፡ ቁጠባ ኤርትራ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝገደደ ኣምረሐ።
ሓደ ምሸት ኢድሪስ፡ ገጹ ኣሲሩ ንገዝኡ ምስ መጽአ፡ በዓልቲ-ቤቱ ተዓዘበቶሞ፡-
"እንታይ ኰንካ ኣላኻ?። ኩነታትካ ባህ ኣይበለንን።" ኢላ ሓተተቶ።
ብወገኑ፡-"ቁጠባዊ ኵነታት ሃገርና ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናተበላሸወ ይኸይድ ኣሎ። ብዙሓት ስድራ-ቤታት መዓልታዊ መግቦም ክምእርሩ ኣይከኣሉን ኣለዉ፡ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ትካላት ናይ ምዝማት ተግባራት በብመዓልቱ ይረአ ኣሎ።" ናይ ቊጠዐ ባህሪ እናኣርኣየ መለሰላ።
ወይዘሮ ፋጥማ (በዓልቲ-ቤት ኢድሪስ) ነቲ ዘርኣዮ ቁጢዐ ብዙሕ ግዲ ከይገበረት፡-
"ወላ'ውን ከምቲ ትብሎ ዘለኻ እንተኾነ፡ ገና ብህይወት ንነብር ኣሎና።" ክትብል ከተህድኦ ፈተነት።
ኢድሪስ፡-"ዕድመ ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ ፈጣሪ ብምዃኑ ክሳብ ሕጂ ንናበር እንተ ኣለና፡ እቲ ኵነታት ብኸም'ዚ ዘለዎ እንተቐጺሉ፡ ኣብ ናይ ዓጸቦ ኵነታት ክንኣቱ ምዃንና ግን ኣይትርስዒ።" ኢሉ ብዘይተገዳስነት መለሰላ።
ክልቲኦም ሰብ-ሓዳር እናተመያየጡ እንከለዉ፡ ብሃንደበት ናይ ምኹሕኳሕ ድምጺ ሰምዑ። ኢድሪስ ነቲ ማዕጾ ምስ ከፈቶ፡ ኣብ ቅድምኡ ዘይተጸበዮ ዝኾነ ዓርኩ ኣባል ፓርላማ ኣቶ መሓመድ ኑራይ ረኸበ። ኣብ ሕማቕ ኵነታት ከምዘሎ'ውን ተዓዘበ። ብዙሕ ከይጸንሐ ንውሽጢ ገዛ ክኣቱ ዓደሞ።
ኣቶ ኑራይ፡ ነቲ ዝተቐረበሉ ማይ ብቕልጡፍ ሰትዩ፡ ግዜ ከየባኸነ፡-"ፓርላማ ብዛዕባ ምንቁልቋል ቁጠባዊ ኵነታት ሃገርና ንምዝራብ፡ ቅድሚ ክልተ መዓልታት ሕጽር ዝበለ ኣኼባ ኣካይዱ። ብዛዕባ'ቲ ኣኼባ ኣቐዲመ ስለዘይፈለጥኩ ኣይተሳተፍኩዎን። ገለ ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሃገርና ገንዘቦም ንኸዋፍሩ ፍቓድ ናይ ንግዲ ዝተዋ- ህቦም ኢጣልያውያን፡ እንግሊዛውያንን ባይናንያውያንን [1] ነጋዶ፡ ብመንግስቲ ኢትዮ- ጵያ ከም ዝተኸልከሉ፡ ዕድለኛ ብምዃነይ፡ ሓደ ኣባል ፓርላማ ዝኾነ እሙን ዓርከይ ሓቢሩኒ። እዚ ድማ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ባህርያዊ ሃብትታትና ተጠቒምና ከይንም- ዕብል እትገብሮ ዘላ ፈተነ'ዩ።" ሕርቃን ብዝተሓወሶ መንፈስ ገለጸሉ።
ኢድሪስ፡ ስለ ዘይተበረሆ ርእሱ እናነቓነቐ፡ ከይተዛረበ ስቕ ክብል መረጸ።
ኣቶ መሓመድ ኑራይ ኣብ'ቲ ዝበሎ ከይተሓጽረ፡-"መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ንወጻእተኛታት ነጋዶ ዝተዋህበ ፍቓድ ኣብ ምስራዝ ከይተሓጽረት፡ ንወደብ ምጽዋዕ ንምልማስ ተባሂሉ ነተን ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ኣብያተ-ጽሕፈት ዝኸፈታ ኩባንያታት ንኣዲስ ኣበባ ንኽግዕዛ፡ ነተን ንወደብ ምጽዋዕ ዝጥቀማ ዝነበራ ናይ ንግድ መራኸብ ከኣ ስርሐን ናብ ወደብ ዓሰብ ከሰጋግራአን ኣዘዘት።

[1] ባይናን ህንዲ ማለት ኢዩ።

እዚ ድማ ቁጠባ ኤርትራ ንኸር- መስን ንናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ መራሕቲ ኣሰናቢዳ፡ ነቲ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንክትጽንበርን ዝብል ጠለብ ንኸድግፉ ዝተተለመ ውዲት'ዩ ዝብል ጽኑዕ እምነቱ ገለጸ።"

ኢድሪስ፡ በቲ ዝሰምዖ ክቑጣዕ ጀመረ፡-"ብዛዕባ ተግባራት መንግስቲ ኢትዮጵያ ይኹን፡ ብዛዕባ'ቲ ቁጠባዊ ምንቁልቋል ዝነበረ መልሰ-ግብሪ ፓርላማ እንታይ ይመስል?።" ብምባል፡ ነቲ ዘንጸላለዎ ስቕታ ክሰብሮ ፈተነ።

ኣቶ ኑራይ፡-"ብዙሓት ኣባላት ፓርላማ፡ ብዛዕባ ንጉስ ሃይለ ስላሰ ዝኣዘዞ ምስራዝ ፍቓድ ይኹን ጠንቂ ቁጠባዊ ምንቁልቋል ዝምልከት ኣጥቢቖም ተቓውሞኦም ኣርኣዩ። እቲ ዝገርም እቲ ተቓውሞታት ካብ ኣባላት ዲሞክራስያዊ ቀጽሪ፡ ኣብ በዓል ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም፡ ዑመር ኣክቶ፡ ደጀዝማች ገብረዝጊ ጓንጉል ከይተወሰነ፡ ኣብ'ቶም ትእዛዛት ኢትዮጵያ ክቃወሙ'ዮም ኢልካ ዘይትጽበዮም፡ ከም በዓል ቀሺ ሃብተ ማርያም ፍቕሩን ኣቶ እምባየ ገብረ ኣምላኽን ዝኣመሰሉ ኣባላት ሰልፊ ኣንድነት እውን ከይተርፉ ተራእዩ ኢዩ።" በለ።

ኢድሪስ ብዝተዋህቦ መልሲ ስለዘይዓገበ፡-"ኣባላት ኣንድነት ዘርኣይዎ ተቃውሞ ብኸ- መይ ክጥመት ወይ ክረአ ይከኣል?።" ኢሉ ሓተተ።

ኣቶ ኑራይ ከይ ተሃወኸ፡-"ሓቂ'ዩ ምሳና ኣብ ፓርላማ ዘለዉ ኣባላት ኣንድነት፡ ኢትዮ- ጵያ ንረብሓታቶም ከም እትሕሉ ብምርዳእ፡ ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ፌደራላዊ ምትእስሳር ክህሉ ኣለዎ ይብሉ'ኳ እንተነበሩ፡ ኤርትራውያን ብምዃኖም ግን ቁጠባ ሃገሮም ብኢትዮጵያ ክዓኑ እናረኣዩ ስቕ ከም ዘይብሉ ክንዝንግዕ የብል- ናን።" በለ።

ኢድሪስ፡ በቲ መልሲ ስለ ዘይተሓጐሰ፡ ጽውግ እናበለ፡-"ኣባልት ኣንድነት፡ ኣውራ'ቶም ሓለፍቲ ዝነበሩ፡ ኣንጻር ድልየታት ኢትዮጵያ ደው ኢሎም፡ ንመሰል ኤርትራ ክድግ- ፉን ክጣበቑን'ዮም ኢልካ ምሕሳብ ዕሽነት'ዩ።" ብምባል ዘለዎ ዕቃበ ገለጸ።

ኣስዒቡ'ውን፡-"መርገጺ ገለ ናይ ፖለቲካ መራሕቲ፡ ከም ቀሺ ዲሚጥሮስ ገብረማርያም፡ ኣቶ ተስፋሚካኤል ወርቁ ዝኣመሰሉ ክንርኢ እንክለና፡ ኣንጻር መሰል ኤርትራ ኮይኖ- ም፡ ብዝኾነ ዋጋ "ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክትቁረን ኣለዋ" ዝብል መርገጺ ሒዞም፡ ላዕልን ታሕትን ይብሉ ብምንባሮም፡ ኣብ ሎሚ በጺሖም ንመሰል ኤርትራ ክጣበቑ'- ዮም ክንብል ዝእመን ኣይኮነን።" ኪብል ነቲ ቀዳማይ ሓሳብ ኣራጉዶ።

ኣቶ መሓመድ ኑራይ ከኣ፡-"ኣብ ሰልፊ ኣንድነት ደገፍቲ ኢትዮጵያ ዝኾኑ ኣባላት ፓርላማ የለዉን ማለተይ ኣይኮንኩን። ብኻልእ ሸነኽ ግን ብዙሓት ንተግባራት ኢትዮ- ጵያ፡ ኣውራ ንመንግስቲ ኤርትራ ዘነኣእስ ተግባራት ዘይድግፉ ከምዘለዉ ግን ክርሳዕ የብሉን።" ኢሉ ናህሪ ኢድሪስ ክዘሓሕል ፈተነ።

ኣስዒቡ'ውን፡-"ብናተይ ግምት፡ ኢትዮጵያውያን ንናጽነትን ልኡላውንትን ፓርላማ ኤርትራ ክትንክፉ'ዮም ዝደልዩ ዘለዉ። ምኽንያቱ ነቲ ዘድልዮም ንኸተግብሩ፡ ኣባላት ፓርላማ ዝኾኑ ኣባላት ሰልፊ ኣንድነትን ተቐሲምን ክጸልዉ ይረኣዩ ኣለዉ።

በዚ ኣቢሎም፡ ንፓርላማ ንምቁጽጻር’ዩ ከኣ ዕላምኦም። እንተኾነ ከም’ቲ ኣብ ኣኼባ ፓር- ላማ ዝተራእየ ገለ ናይ ኢትዮጵያ እንቖጽሮም ኣባላት፡ ኣንጻር ምትእትታዋት ኢትዮ- ጵያ ስለ ዝኾኑ፡ ዕላማ ኢትዮጵያ ተግባራውነት ክህልዎ ኣይኮነን ዝብል ተስፉ ኣለኒ።” በለ።

ክልቲኦም ዝኣክል ዘቲና ኢና ኢሎም በብውሽጦም ኣመኑ። ካልእ ግዜ ንኽራኸቡ ተሰማምዑ። ኣቶ መሓመድ ኑራይ ድማ ናብ ገዝኡ ተመልሰ።

ስርዓት ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ ፓርላማ ኣውራ ካብ ኣባላት ኣንድነት ዝኾኑ ኣባላት ፓርላማ ብዛዕባ ምስራዝ ፍቓድ ንግዲ ዘጋጠሞ ተቓውሞ፡ ከሰክፎ ጀመረ። በዚ መሰረት ሰልፊ ኣንድነት ነቲ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክትጽንበር ኣለዋ ዝብል ቀዋሚ መርገጺኡ ከይቕይር ሻቕሎት ስለ ዘሕደረ፡ ተቐላጢፉ ዝተፈላለየ ጸቕጥታት እናኣዘ- ውተረ፡ መሪሕነት ሰልፊ ኣንድነት ክቕይር ተጓየየ። ነቲ ኣቦ-መንበር ሰልፊ ዝነበረ ገብረ መስቀል ወልዱ፡ ከኣ ብቀሺ ዲሜጥሮስ ገብረማርያም ከም ዝቕየር ገበረ።

ስርዓት ኢትዮጵያ ንቁጠባ ኤርትራ ንምህሳይ፡ ምትእትታዋቱ ኣዛይዱ፡ ነቲ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝ ኢጣልያን ኤርትራን ብቕጽበት ደው ኣቢሉ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ተመስ- ሪሑ ንኢትዮጵያ ዝሰደድ ዝነበረ ኣቑሑት ተወዳዳርነት ንኽስእን ቀረጽ ወሰኸሉ። ኩሉ’ዚ ድማ፡ ዋጋታት ኣንሂሩ፡ ንናይ ዕዮ ዋጋ ሰማይ ስለ ዘዕረጎ፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተተለመ ብዙሓት ፋብሪካታት ጨው፡ ኣጭርቕቲ፡ ወረቐት፡ ናውቲ ሕክምና፡ ትካላት ቱሪዝምን መገዲ ኣየርን ካልኦትን ንኽዕጸዋ ተገደዳ።

ስርዓት ሃይለ ስላሰ፡ ኣብ’ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ከይተሓጽረ፡ ኣብ ስርሓት ኣብያተ-ፍርዲ ኤርትራ ብምትእትታው፡ ነተን ንምትእትታዋት ኢትዮጵያ ዝቃወማ ዝነበራ፡ ካብ ግዜ እንግሊዝ ነጻ ኮይነን ክዓያ ዝተፈቕደለን ጋዜጣታት፡ ኣውራ ንልሳን ዲሞክራ- ሰያዊ ቀጽሪ ዝነበረት ጋዜጣ “ድምጺ ኤርትራ” ተጻበአን። ንዝኾነ ንኢትዮጵያ ዝቃወ- ምን ንመንግስቲ ኤርትራ ዝድግፍን ጋዜጠኛ ይኹን ወይ ተራ ዜጋ ብምእሳርን ብምክልባትን ከኣ፡ ንፖለቲካዊ ኵነታት ኤርትራ ኣናወጾ። እዚ ኹሉ ከይ ኣኽሎ፡ እተን ብሓይልታት ፖሊስ ኤርትራ ኣብ ግዜ መንግስቲ ኣቶ ተድላ ባይሩ ቁጽጽር ዝተገብረለን ንጥፈታት “ሽፋቱ” ከም ብሓድሽ ኽዕንብባ ዕድል ከፈተ።

መልሰ-ግብሪ ህዝቢ ኤርትራ ግን፡ ብኣባላት ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ምትእኽኻባት ምሁራትን መምሃራንን፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ኣባላት ፓርላማ፡ ብዙሓት ኣቕሽሽቲ ቤተ-ክርስትያን ተዋህዶን መሻይኽ ኢስላምን፡ ተመረሑ ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታትን ዓድታትን ኤርትራ ሰፋሕቲ ሰላማዊ ሰልፍታት ብምክያድ፡ ንፖሊሲ ኢትዮጵያ ተቓወመ። ((Picture))

**7- ምዝያድ ተቓውሞ ኣብ ፓርላም**

ኣብ መፋርቕ 1954፡ ኣቶም ሰለስተ ኣዕሩኽ፡ (ኢድሪስ፡ ሓጎስን እስማዒልን) ብሰንኪ ኣብ ሞንጎ ወኪል ንጉስ ሃይለ ስላሰ ኣንዳልካቸው መሳይን [1] ገለ ኣባላት ተጣባቒት ፌደራላዊ ብይን ዝኾነት "ቀጽሪ ዲሞክራሲን" ጉጅለ "ኣልራብጣ ኣልኢስላሚያ ምብራቓዊ ቆላታት" ዝኾኑ ኣባላት ፓርላማ ኤርትራን ዝተራእየ ወጥሪ፡ ከሻቕሎም ብምጅማሩ፡ ብዛዕባ ዝካየድ ዘሎ ኵነታት ንምፍላጥ፡ ምስ ኣባል ፓርላማ ኣቶ መሓመድ ኑራይ ክራኸቡ ወሰኑ። ከምቲ ልሙድ ከኣ ኣብ'ቲ ኣብ ሱቕ ኣልዓረቢ ዝርከብ ድኳን ኢድሪስ ተራኸቡ።
ኣቶ መሓመድ ኑራይ፡ ነቲ ኣኼብ ብምኽፋት፡-"ብሰንኪ ምትእትታዋት ኢትዮጵያ፡ ኣውራ ብወገን ንጉስ ሃይለስላሰ፡ ንቁጠባ ኤርትራ ንምህሳይ ብዝብል፡ ናይ ኤርትራ መሰል ኣብ ምእካብ ኣታዊታት ጉምሩክን ካልኦትን ዝግበር ዝነበረ ምትእትታዋትን ስጉምትታትን፡ ዘይሕጋዊ ምትእትታው እንዳልካቸው መሳይ ኣብ ጉዳያት ኤርትራ፡ ኩነታት ሃገርና ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝሓሰመ ይሰጋገር ኣሎ።" በለ።
ኢድሪስ፡-"ኣብ ከም'ዚ ኵነታት፡ ፓርላማ ኤርትራ ነቲ ዝተኻየደ ናይ ዓመጽ ተግባራት ንምኽታም ዝድለ ስጉምቲ ክወስድ ኣይክእልን ድዩ?።"ሕቶ ኣቕረበ።
ኣቶ ኑራይ ነዚ ሕቶ ንምምላስ፡-"ብመሰረት ፌደራላዊ ብይን ዘነጽሮ ስልጣን ፓርላማ ኤርትራ ንዝኾነ ንመሰላቱ ዝትንክፍ ተግባራት፡ ናብ ንጉስ ሃይለ ስላሰ ይኹን፡ ሕቡራት መንግስታት ኣብዮቱታታትን ጥርዓናትን እናኣቕረበ ደው ከብሎ ምሉእ መሰልን ስልጣንን ኣለዎ። ከም ዝፍለጥ ኤርትራ ብመሰረት ፌደራላዊ ብይን፡ ነብሱ ዝኽኣለ ውሽጣዊ ምምሕዳርን ናጽነትን ከም ዘለዋ መጠን፡ ኣብ ልዕልኣ ካብ ኢትዮ- ጵያ ይኹን እንተላይ ካብ ሕቡራት መንግስታት፡ ዝኾነ ጸቕጢ ወይ ምትእትታው ክግበረላ ኣይፍቀድን'ዩ።" በለ'ሞ፡-"ካብ'ዚ ብምንቃል፡ ፓርላማ ኤርትራ፡ ነቲ ዘለዎ ስልጣን ተጠቒሙ፡ ብመገዲ መራሕ መንግስቲ ተድላ ባይሩ ኣቢሉ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝገብሮ ዘሎ ምትእትታዋት ደው ንኽብል፡ ናብ ንጉስ ሃይለስላሰ ወግዓዊ ጥርዓን ኣቕረበ።" ብምባል ደምደመ።
ሓጎስ፡ ነዚ ምስ ሰምዐ፡-"መልሲ ጃንሆይ ከ እንታይ ነበረ?።" ክብል ሓተተ።
ኣቶ መሓመድ ኑራይ፡-"ንጉስ ሃይለ ስላሴ (ጃንሆይ)፡ ነቲ ዝቐረበሉ ጥርዓን ጸማም እዝኒ ምሃብ ከይኣኽሎ፡ መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ተድላ ባይሩ፡ ንሓይልታት ፖሊስ ኤርትራ ዳግም ከም ዝወደቦ ስለ ዝሰምዐ፡ ኣዝዩ ተቖጥዐ'ሞ ንኣቶ ተድላ ባይሩ ንኣዲስ ኣበባ ጸዊዑ፡ ነቲ ዝገበሮ ዳግመ ምውዳብ ክስርዞን ነቶም መዓርግ ዝወሰኽሎም መኮነ- ናት ፖሊስ ካብ ስራሕ ከባርሮምን ብጥብቂ ኣዘዙ።" ኢሉ ንሓጎስ መለሰሉ።
ኢድሪስ ከይጸንሐ ኣልግብ ኣቢሉ፡-"ፓርላማ ኤርትራኸ ንናይ ንጉስ ሃይለ ስላሰ ጸማም እዝኒ ብኸመይ መለሰሉ?።" ክብል ብምሉእ ኣቓልቦ ንኣቶ ኑራይ ሓተተ።
ኣቶ ኑራይ፡-"ፓርላማ ኤርትራ ናይቲ ዘቕረቦ ጥርዓን መልሲ ብዘይምርካቡ፡ ብ22 ግንቦት 1954 ህጹጽ ኣኼባ ብምጽዋዕ፡ ኢትዮጵያ ልኡላውነት ቅዋም ኤርትራ

---

[1] እንዳልካቸው መሳይ፡ ብመሰረት ፌደራላዊ ብይን ወኪል ንጉስ ሃይለ ስላሴ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ውሩይ ኢትዮጵያዊ በዓልስልጣን'ዩ።

ከተኸብር ከምዘለዋ፡ እንተዘይኮይኑ ኣብ ወሽጢ 20 መዓልታት፡ መራሕ መንግስቲ ኤርትራ፡ ሕቡራት መንግስታት ነቲ ጉዳይ ክትርኢ ክሓትት ስልጣን ክወሃቦ ዝብል ብሰፊሕ ድምጺ ውሳኔ ኣሕለፈ።” ብምባል መለሰ።
ኣቶ መሓመድ ኑራይ፡ ካብ ሰማዕቱ ናይ ታሕጓስ ምልክት ብምርኣዩ፡ ተተባቢዑ፡“ብዘይካ’ዚ፡ እቶም ብኣቶ መሓመድ ዑመር ቃዲ፡ ናይ ኣልራብጣ ኣልኢስላሚያ ምዕራባዊ ቆላታት መራሒ ዝነበረ ዝምእከሉ ዝነበሩ፡ ሓሙሽተ ኤርትራውያን ኣባላት ላዕላዋይ ፈደራላዊ ባይቶ፡ ነቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ስርሓት ላዕላዋይ ፈደራላዊ ቤት-ፍርዲ ዝገበረቶ ምትእትታው ብወግዒ ነቐፉ። እንዳልካቸው መሳይ፡ ነቲ ብወገን’ቶም ሓሙሽተ ኣባላት ላዕላዋይ ፈደራላዊ ባይቶ ዝተራእየ ተቓውሞ ደስ ስለዘይበሎ፡ ንሓመሽቲኦም ከነውርን ከጸልምን ምስ ጀመረ፡ ኣቶ መሓመድ ዑመር ቃዲ ካብ’ቲ ዝነበሮ መዝነት ብፍቓዱ ተሰናበተ። በተወሳኺ’ውን ሓደ ካብ ኣባላት ኣልራብጣ ኣልኢስላሚያ ኣባል ፓርላም ዝኾነ፡ ኣቶ ዓሊ ዑመር ዝተባህለ፡ ንመራሕ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ ትገብሮ ዘላ ምትእትታዋት ደው እንተዘይ ኣቢላቶ ናብ ሕቡራት መንግስታት ወግዓዊ ክሲ ክቐርብ ሓተተ።” ብምባል ነቲ፡ ኣብ ውሽጢ ፓርላማ ኤርትራ ዝተኻየደ ተቓውሞታት ክገልጽ ፈተነ።
ኢድሪስ፡-“ብመሰረት ፈደራላዊ ብይን፡ ነጻ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ክገብራ ዝተፈቕደለን፡ ስዒበን ዝተኸልኸላ ገለ ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ሰልፍታት፡ ናብ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት መንግስታት ዳግ ሃመርሾልድ ጥርዓን ከምዘቕረባ፡ ናይ’ቲ ጥርዓን ቅዳሕ ድማ ናብ ንጉስ ሃይለ ስላሰ ከም ዝሰደዳ፡ ዝገልጽ ሓበሬታ ካብ ገለ እሙናት ኣዕሩኸተይ ኣረጋ- ጊጸ ኣለኹ።” ክብል ኣብ መግለጺ ኣቶ መሓመድ ኑራይ ወሰኸ።
ኢድሪስ ብዛዕባ ስርሓት እንዳልካቸው መሳይ ስለዘይበርሃሉ፡-“ስምዑ’ባ እንዳልካቸው መሳይ፡ ኣብ ኩሉ ውሽጣዊ ጉዳያት ኤርትራ ዝኣቱ እንታይ ዕማም ስለ ዝተዋህቦ’ዩ?።” ክብል ሓተተ።
ኣቶ ኑራይ ከኣ፡-“እንዳልካቸው መሳይ፡ ሓደ ካብቶም ንንጉስ ሃይለ ስላሰ እሙናት ዝኾኑ ኢትዮጵያውያን ሰበ-ስልጣን’ዩ፡ ስለ ዝኾነ ከም ወኪል ወይ እንደራሴ (ምስለኔ) ንጉስ ኣብ ኤርትራ ኮይኑ ከገልግል ተመርጸ። እንተ ብዛዕባ ዕማማቱ ዝምልከት፡ ብመሰረት ፈደራላዊ ብይን፡ ንንጉስ ሃይለ ስላሰ ወኪሉ ዓመታዊ ኣኼባ ፓርላማ ኤርትራ ይኸፍትን ዝለዓሉ ጉዳያት ክሳብ ብንጉስን ላዕላዋይ ፈደራላዊ ባይቶን ዝጸደቑ፡ ንግዚኡ ከይተተግበሩ የጽንሖምን። ብሓፈሻኡ ድማ ከም ወኪል ንጉስ ሃይለስላሴ ኣብ ኤርትራ’ዩ ዝፍለጥ ነይሩ። እንተኾነ ስርሓቱ ኣብ ውክልና ከይተሓጽረ፡ ብውሽጢ-ውሽጢ ነቲ ፈደራላዊ ብይን ንምብርዓንን ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንምጽንባርን ንክሰርሕ ዝተመዘዘ ሰብ ኢዩ።” በለ’ሞ ኣስዒቡ’ውን፡-“ኣብ 1955 ኣብ ዓመታዊ መኽፈቲ ኣኼባ ፓርላማ ኣብ ዝተሳተፈሉ፡ ነቲ ብወገን ፓርላማ ናብ ሕቡራት መንግስታት ዝቐረበ ጥርዓን ከይሓነኸ ተቓወሞ፡ ኣብ’ቲ ዘቕረቦ መደረ ድማ፡ ውሽጣውን ግዳማውን ጉዳያት ኤርትራ ዝበሃል ነገር የለን፡

ውሽጣዊ ጉዳያት ኤርትራ ንኢትዮጵያን ንንጉስ ሃይለ ስላሴን ጥራይ ዝምልከት ጉዳይ እዩ ዝብል ትዕቢትን ንዕቀትን ዝመልአ ዘረባ ተዛረበ።”
ሰለስቲኦም ኣዕሩኽ፡ ኣብ ውሽጢ ፓርላማ ኤርትራ ወላ'ውን ድሒሩ እንተኾነ፡ ምትእ- ትታዋት ኢትዮጵያ ደው ንኽብል ተቓውሞ ከም ዘሎ ብምዕዛብ፡ ንናይ ፓርላማ መርገጺ ንኢዶም ንኣቶ መሓመድ ኑራይ ኣፋነውዎ።
ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ፡ ኣብ ሞንጎ መራሕ መንግስትን ገለ ኣባላት ፓርላማ ኤርትራን ብሓደ ሸነኽ፡ ኣብ ሞንጎ ፓርላማን ወኪል ንጉስ ሃይለ ስላሰ እንዳልካቸው መሳይን ብኻልእ ሸነኽ ዓሚቝ ምፍሕፋሕ ተላዕለ። ውጽኢቱ ድማ ውድቀት መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ኣቶ ተድላ ባይሩን ካልእ ምዕባሌታትን ስለ ዘምጸአ፡ ሰለስቲኦም ኣዕሩኽ፡ ሓቅነትን ምኽንያታትን ምውዳቕ መራሕ መንግስቲ፡ ተርኡ ኣብ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ምፍሕፋሕ፡ ኣብ'ቲ ብኢትዮጵያ ዝካየድ ዝነበረ ምትእትታዋት ወ.ዘ.ተ. ንምምያጥ ብዝብል ምኽንያት፡ ንኣቶ መሓመድ ኑራይ ኣብ ገዛ ሓጎስ ኣርዓዶም ዓደምዎ።
ኣቶ መሓመድ ኑራይ ነቲ ዕድመ ኣኽቢሩ፡ ኣብ'ቲ ኣኼባ ከምዚ በለ፡-“ኣቶ ተድላ ባይሩ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ሰልፊ ኣንድነት  ፖለቲካዊ ጽልዋ ዝነበሮም፡ ንሓድነት ኤር- ትራ ምስ ኢትዮጵያ ዝሓተቱን ዝተጣበቑን፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ኢጣልያን ፈረንሳን ዝተማህሩ ውሑዳት ኤርትራውያን ኮይኑ ኣብ ምምህርና ዝሰርሐን፡ ከም'ቲ ኩላህና እንፈልጦ ድማ፡ ከም መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ከገልግል ብፓርላማ ዝተመርጸን
ሰብ'ዩ ነይሩ።” ክብል ነቲ ኣኼባ ከፈቶ። ቀጺሉ፡-”ኣቶ ተድላ ባይሩ፡ ነቲ ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ንልኡላውነት መንግስትን ቅዋምን ኤርትራ ዝጥሕስ ምትእት- ታዋት ዕሽሽ ይብል ብምንባሩ፡ ኢትዮጵያ፡ ንመሰላት መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ምእካብ ኣታውታት ግምሩክ ክትሕርም፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ናብ ኩለን ከተማታትን ዓድታትን ብዘይ ፍቓድ መንግስቲ ኤርትራ ክዕስክር፡ ሓደ ካብቶም ናይ ኢትዮጵያ ጀነራላት ከም ኣመሓዳሪ ዓሰብን ከባቢኣን ክምዘዝን ካልኦት ንፈደራልዊ ብይን ዝግህሱ ተግባራትን ክፍጸሙ፡ ክቃወም ወይ ክነቅፍ ብዘይምኽኣሉ፡ ካብ ብዙሓት ኣባላት ፓርላማ፡ ኣነ'ውን ሓደ ካብኦም፡ ብዓይኒ ጥርጣረ ንርእዮ ኔርናን ኣሎናን። ብሓቂ ክዛረብ እንተኾይነ፡ መራሕ መንግስቲ ብተዘዋዋሪ መገዲ ኢድ እንተዘይህልዎ እዚ ኹሉ፡ ናይ ኢትዮጵያ ተጻራሪ ስጕምትታትን መርገጺታትን ኣይምተራእያን ወይ ኣይምሃለዋን ዝብል እምነት'ውን ኣሎኒ።” ነድሪ ብዝመልአ ኣገባብ ነቲ ናይ ኣቶ ተድላ ባይሩ ተራን ምትእትታዋት ኢትዮጵያን ክገልጽ ፈተነ። ኢድሪስ፡ ነዚ ብምስማዕ ከም መመላእታ፡-“ቅዋም ኤርትራን ፈደራላዊ ብይንን ኣዝዮም ንጹራት ኢዮም፡ ከም'ቲ ዝተገልጸ፡ ፖለቲካዊ ስርዓት ኤርትራ ሓጋጊ ኣካል ዝኾነ ፓርላማ፡ ፈጻሚ ኣካል መንግስትን ፍርዳዊ ኣካልን ስለ ዝውንን፡ ቅዋማዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኢዩ። ስለ ዝኾነ፡ ዝኾነ ኣካል ብመሰረት'ቲ ቅዋም፡ ኣብ ልዕሊ ካልእ ኣካል ክተኣታቶን ድላዩ ክገብርን ኣየፍቀድን ኢዩ። ከምኡ ካብ  ኮነ፡
ፓርላማ ከም ሓጋጊ ኣካል፡ ንመንግስቲ ይቆጻጸር ዶ ነይሩ?።     ብሓፈሽኡ      ኽ

ሕቶ ምክትታልን ምትሕትታትን ብኸመይ ይሰላሰል ነበረ?።" ዝብል መግለጽን ሕቶታትን ኣቕረበ'ሞ። ኣቶ መሓመድ ኑራይ፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ፡ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾኑ ሕቶታት እንተዘይተጸበየ፡ ንዝፈልጦ ነገር መልሲ ክህብ ግቡእ ከም ዝኾነ ብምዕዛቡ፡-"ኣብ ናይ ፓርላማዊ ተመክሮታትና ሓድሽ ከም ዝኾነ ዝሳሓት ኣይኮነን። ብዛዕባ ምክትታልን ምትሕትታትን ብዙሕ ሽግራትን ጉድለታትንን ኣጋጢሞምና'ዮም። ብሓቂ ንምዝራብ እንተኾይኑ፡ ኣምር ናይ ምቁጽጻርን ምትሕትታትን ዘይፈልጡ፡ ኣብ ፓርላማ ብሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃውን ቀቢላውን ግምታት ዝተመርጹ ብዙሓት'ዮም። ገሊኦም ድማ ኣብ ፓርላማ ብናታቶም ውልቃዊ ጽልዋን መንፍዓትን ከም ዝመጹኡ ዝእመኑ'ውን ኣለዉ።" በለ'ሞ፡-"ምስ ኩሉ ኣሉታዊ ተርእዮታት፡ ነቲ ብኢትዮጵያ ዝረአ ዝነበረ ምትእትታዋት ብወግዒ ዝተቓወሙን ዘቃልዑን፡ ክሳብ ምትእትታው ሕቡራት መንግስታት ዝሓተቱ ኣባላት ፓርላማ'ውን ነይሮምን ኣለዉን።" ክብል ነቲ ዝሰምዮ ብዘይ ዕቃበ ገለጸ። ስቕ ኢሉ ዝጸንሐ ኢስማዒል ብወገኑ፡-"ተቓውሞታት ኣባላት ፓርላማ ገሊጽካልና ኣለኻ። መርገጺ መራሕ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝቃወሙ ዝነበሩ'ኸ እንታይ ነበረ?።" ክብል ብኣስተንክሮ ሓተተ።

ኣቶ ኑራይ ከይሰልከየ፡-"መራሕ መንግስቲ፡ ምስ'ቲ ብወገን ኢትዮጵያ ዝጥለብ ዝነበረ ማለት፡ ምቕራን ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ኢምጳራጦራዊት ኢትዮጵያ ይደናገጽ ብምን- ባሩ፡ ነቲ ተርእዮ ዝነበረት ምትእትታዋት ዕሽሽ ክብል'ምበር፡ ኣንጻራ ደው ክብል ዝኽእል ኣይነበረን። ስለ ዝኾነ፡ ምስ'ቲ ብኣባላት ፓርላማ ዝቐርብ ዝነበረ ተቓውሞ ዝኾነ ይኹን ምድግጋፍ ኣየርኣየን።" ክብል መለሰ።

ኢስማዒል፡ በቲ ዝቐረበ መልሲ ዕጉብን ሕጉስን'ኳ እንተነበረ፡ ኢድሪስ ግን፡-"መራሕ መንግስቲ፡ ብገለ ኣባላት ፓርላማ ንዝፍጸም ዝነበረ ግህሰት ስቕ ኢሉ ይርኢ ነይሩ ዝብል ሓበሬታ ኣሎ፡ ሓቅነት ናይ'ዚ ክሳብ ክንደይ ኢዩ?።" ብምባል ብዛዕባ ተግባራት መራሕ መንግስቲ፡ ዝያዳ መብረሂ ንምርካብ ሓተተ።

ኣቶ መሓመድ ኑራይ ሕጂ'ውን ካብ'ቲ ኣርእስቲ ከይወጽአ፡-"ኣቶ ተድላ ባይሩ በቶም ዝደልዮም ኣባላት እንተዘይኮይኑ፡ ብኻልኦት ኣይግደስን ነበረ። ባዕሉ ቅጥዕታት ሕግን ኣሰራርሓን ይግህስ ብምንባሩ፡ ነቶም ገሃስቲ ሕጊ ክቆጻጸር ኣይከኣለን። ንኣብነት፡ ሓደ ኣባል ፓርላማ ተደራቢ ናይ መንግስቲ ስራሕ ክወሃቦን ብኡ መሰረት ክልተ ደሞዝ ክበልዕን ቅቡል ከምዘይኮነ ርዱእ ክነሱ፡ ገለ ኣባላት ፓርላማ፡ ከም ምክትል ኣቦ-መንበር ፓርላማ ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ብላታ ደምሳስ ዝተባህለ፡ ከም ኣማኻሪ ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ ሸይሙ፡ ክልተ ደሞዝ ንክበልዕ ኣፍቀደሉ።" ክብል መለሰ።

ሓጎስ ብሃንደበት፡-"ኣባል ፓርላማ ድርብ መንግስታዊ ስራሕ እንተተዋህቦ እንታይ ነውሪ ኣለዎ?።" ሓተተ።

ኣቶ ኑራይ፡-"ድርብ መንግስታዊ ስራሕ ዘይተፈቕደሉ ምኽንያት፡ ድርብ ናይ ስራሕ መለክዒ ንምውጋድ ምርድዳእ ዝተገብረሉ ጉዳይ ስለ ዝኾነ ኢዩ። ሓደ ኣባል ፓርላማ ካልእ መንግስታዊ ስራሕ ምስ ዝሰርሕ፡ ንውልቃዊ ረብሓ ንምሕላው፡

ምእዝዝነቱ ክን- ዲ ነቲ ዝመረጾ ህዝቢ ዝኸውን ንመራሕ መንግስቲ ኮይኑ፡ ክነቅፍ ወይ ክቃወም ኣይክእልን ኢዩ ነይሩ።" በለ'ሞ፡ ኣስዒቡ'ውን፡-"መራሕ መንግስቲ፡ ስልጣኑ ተጠቒሙ፡ ብፖለቲካ ተጻረርቱ ዝኾኑ ዜጋታት ከጥቅዕ'ዩ ዝፍትን ዝነበረ። ንኣብነት፡ ንኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን ራእሲ ተሰማን ከጻብበሎምን ከጸልሞምን ተራእየ። ከምኡ ስለ ዝነበረ፡ ንቅዋም ኤርትራ ንኽኽብርን ንኽገልግልን ዝሃቦ ቃል-መሓላ ደርብዩ፡ ስል- ጣኑ ተጠቒሙ ንዝፈልጦም ኣብ ምሕጋዝን ምትብባዕን፡ ንዝኣበይዎ ኣብ ምጽላምን ምንዋርን ተዋፊሩ። እዚ'ዩ ድማ ጠንቂ ምስሕሓብ ኣብ ሞንጎ መራሕ መንግስትን ገለ ኣባላት ፓርላማ ኤርትራን ዝተራእየ ኢለ ክዛረብ ዘኽእለኒ።" ክብል ብትሪ መለሰ።

ኣቶ መሓመድ ኑራይ፡ ሰለስቲኦም ኣዕሩኽ ዝነበሮም ሕቶታት ወዲኦም ክኾኑ ኣለዎም ዝብል ግምት'ኳ እንተሕደረ፡ ኢስማዒል ግን፡-"ዝምድና ወኪል ንጉስ ሃይለ ስላሴን መራሕ መንግስቲ ኤርትራን ከመይ ነይሩ? መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ዝኣክል ብኸመይ እዩ ካብ ስልጣን ዝተገለፈ?።" ዝብል፡ ንኣዕሩኽቱ ዝመሰጠ ኣገዳሲ ሕቶ ኣቕረበ።

ኣቶ ኑራይ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ገጹን ቃንኡን ድኻም እንተርኣየን እንተሰመዐን፡ ናይ መወዳእታ ሕቶ ከይኮነ ኣይተርፍን'ዩ ዝብል መረዳእታ ስለ ዘሕደረ ተጸሚሙ፡- "ዝምድና ክልቲኦም ሰባት ኣብ ሕማቕ ውልቃዊ ጽልኢ ዝተሞርኮሰ ነበረ። መራሕ መንግስቲ፡ ዝያዳ ናብ ንጉስ ሃይለ ስላሰ ዝቐረብኩ ሰብ'የ፣ እንዳልካቸው መሳይ ከኣ ሓደ ትብዓትን ቖራጽነትን ዘይብሉ ሰብ ስለ ዝኾነ ጽልዋ ከሕድር ዝኽእል ኣይኮነን ዝብል እምነት ነበሮ። ጽልኡ ምስ እንዳልካቸው ከይተወሰነ፡ ምስቲ ምክትል ወኪል ንጉስ ዝነበረ ኣቶ ኣስፈሃ ወልደሚካኤል'ውን ነበረ። ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሞንጎ ተድላን እንዳልካቸውን ክሳብ ውልቃዊ ምእፋፍን ምትፍናንን በጺሑ ብምንባሩ፡ ክልቲኦም ዘይጸዋወሩ፡ ነንሕድሕዶም ሰላምታ ዘይለዋወጡ፡ ተረጋጊጾም ዝተሓላለፉ ዝነበሩ ሰባት ኢዮም።" በለ'ሞ ኣስዒቡ'ውን ኣቶ ኑራይ፡-"ኣብ ሞንጎ ኣባላት ፓርላማን መራሕ መንግስትን ዝነበረ ምስሕሓብ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ስለ ዝበጽሐ፡ ክልቲኦም ወገናት፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ፓርላማ ብሓባር ኮፍ ክብሉ ኣይተኻእለን። ብዙሓት ኣባላት ፓርላማ፡ ኣውራ ቀሺ ዲሜጥሮስ ገብረማርያምን ሰዓብቱን፡ ምስ መራሕ መንግስቲ ዝነበሮም ምስሕሓባት ናብ ውልቃዊ ቅርሕንቲ ስለ ዝተለወጠ፡ ብተደጋጋሚ፡ ብደገፍን ምትብ- ባዕን እንዳልካቸው መሳይ፡ ተድላ ባይሩ ከም መራሕ መንግስቲ ብቑዕ ኣይኮነን፡ ካብ ስልጣን ክወርድ ኣለዎ ኢሎም፡ ናብ ንጉስ ሃይለ ስላሰ ጥርዓናት ከቕርቡ ተራእዩ። ንጉስ ከኣ ጥርዓናቶም ብምቕባል፡ ንመራሕ መንግስትን ንኣቦ-መንበር ፓርላማ ኣቶ ሙሳ ዓሊ ራድኣይን ንኣዲስ ኣበባ ጸዊዑ፡ ዝነበሮም መዝነት ቀንጢጦም፡ ንፈተውራሪ ኣስፋሃ ወልደሚካኤል ከም መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ኮይኑ ከገልግል ናብ ፓርላማ ክቐርብ ኣዘዙ። በዚ መሰረት ድማ፡ ኣስፍሃ ከም መራሕ መንግስቲ፡ ኣቶ ኢድሪስ መሓመድ ኣድም ከም ኣቦ-መንበር ፓርላማ ከም ዝምረጹ ተገብረ።"።

መራሕ መንግስቲ ተድላ ባይሩ ወዲቑ፡ ብፊተውራሪ ኣስፍሃ ወልደ ሚካኤል ምስ ተተክአ፡ ፈደራላዊ ብይን ኣበርዒንካ፡ ሓድነት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ምርግጋጽ ብዝብል ዕላማ፡ ኣብ ሞንጎ ኣስፍሃ ወልደ ሚካኤል፡ ቀሺ ዲሜጥሮስ ገብረ ማርያምን ኮሎኔል ተድላ ዑቕቢትን፡ ሓደ ንሰለስቲኦም ዝጠምር ኪዳን ወይ ልፍንቲ ተመስረተ።

ብዛዕባ'ዝን ካልእ ጉዳያትን ብወገን ኣቶ መሓመድ ኑራይ ንኢድሪስን ኣዕሩኽቱን ክገልጽ ክሎ፡-"ኣባላት ስሉስ ኪዳን፡ ሓድነት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ንምርግጋጽ ዝድለ እንተኾይኑ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ፓርላማ ኤርትራ ዝለዓል ተቓውሞታት ምእላይን ሓደ- ስቲ ፓርላማውያን ሰዓብቲ ምርካብን ኣገዳሲ እዩ ብዝብል እምነት፡ ሓድሽ ናይ ፓር- ላማ ምርጫ ጸውዑ።" በለሞ፡-"ሰለስቲኦም ተላፊንትን ሰዓብቶምን፡ እቲ ዝድለ ደገፍ ንምርካብ ብዘለዎም ዓቕሚ ኣብ ውሽጢ ፓርላማ ኤርትራ ተንቀሳቐሱ። እቲ ክካየድ ዘለዎ ሓዲሽ ምርጫ ፓርላማ፡ ብመሰረት መራሕ መንግስቲ ኣስፍሃ ወልደ ሚካኤል ዝድግፎ ኣዋጅ ሕጊ ምርጫ ቁጽሪ 121 ናይ 1952 ክካየድ ድማ ኣመሙ። እንተኾነ እቶም ተቓወምቲ ኣባላት ፓርላማ፡ እቲ ምርጫ ብመሰረት'ቲ ኣዋጅ ሕጊ ምርጫ ዝበሃል ተሪፉ፡ ቕዋም ኤርትራ ብዝሓቶ መሰረት፡ ብላዕላዋይ ቤት-ፍርዲ ብእትምዘዝ ሽማግለ ክካየድ ኣለዎ ዝብል ሕቶ ብምቕራቦም፡ እቲ ዝተሓሰበ ንግዝኡ እንተተዓናቐፈ፡ መራሕ መንግስቲ ኣስፍሃ በቶም ኣብ ፓርላማ ብ"ብዙሃን" ዝፍለጡ ደገፍቱ ገይሩ፡ ነቲ ዝተጻረሮ ተቃውሞ ንሓደ ካብ'ቶም ንኣዋጅ ሕጊ ምርጫ ዝቃወም ዝነበረ ኣቦ- መንበር ፓርላማ ኤርትራ ኣቶ ኢድሪስ መሓመድ ኣደም ካብ መዝነቱ ኣውሪዱ፡ ብኣቶ ሓሚድ ፈረጅ ሓሚድ ከም ዝትካእ ክገብር ከኣለ።" በለ።

ኢድሪስ ብዛዕባ ኣዋጅ ቁጽሪ 121 ናይ 1952 ዝፈልጦ ነገር ስለ ዘይነበሮ፡- "ዝጠቐስካዮ ኣዋጅ እንታ'ዩ ዝብል?።" ኢሉ ሓተተ።

ኣቶ መሓመድ ኑራይ፡-"እቲ ኣዋጅ፡ ግሉጽን ቅኑዕን ምርጫ ንኽይካየድ፡ ብኣንጻሩ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ብኣውራጃን ቀቢላን ኣብ'ቲ ፓርላማ ንኽምረጹ ዕድል ዝህብ፡ ብእንግሊዛውያን ገዛእቲ ዝተጠጀአ ኣዋጅ'ዩ ነይሩ። እቲ ኣዋጅ ንተቐማጦ ኣስመራን ምጽዋዕን ብቐጥታ ማለት፡ ነፍሰ-ወከፍ ዜጋ ናቱ ድምጺ ወኒኑ ብቐጥታ ክመርጽ ከፍቅድ ክሎ፡ ንዝተረፉ ኣብ ካልእ ከባቢታት ዝነበሩ ዜጋታት ግን፡ እዚ መሰል ተሓሪሙዎም፡ ሓለፍቶም ወይ መራሕቶም ኣብ ክንድኦም ኮይኖም ወከልቲ ፓርላማ ክመርጹሎም ዘፍቅድ'ዩ ነይሩ።" ምስ በለ፡ ዘረብኡ ንምቕጻል፡- "ተላፊንቲ፡ ተቓውሞታት ገለ ኣባላት ፓርላማ ኣብ ግምት ከየእተዉ ፓርላማ ኤርትራ ብመሰረት እቲ ዝድለ ኣዋጅ፡ ብሰነ 1956 ምርጫ ክካየድ ወሰኑ። መራሕ መንግስቲ ብወገኑ ነቲ ዝደልዮ ምስ ረኸበ ግዜ ከየባኸነ፡ ሽፋቱ ንምጥፋእን ጸጥታ ንምስፋንን ብዝብል ጉልባብ፡ ሓፈሻዊ ኣኼባታት ከልኪሉ፡ ንሓፈሻዊ መሰላት ዜጋታት ተጻቢኡ፡ ብዘይካ ንንጥፈታት ሰልፊ ኣንድነት፡ ንጥፈታት ኩለን ፖለቲካዊ ሰልፍታት ብሓይሊ ኣወገደ። ብሰንኪ ከም'ዚ ዓይነት ስጉምትታት፡ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ሰባት ኣብ እንዳ ሻሂታት ይኹን፡ ኣብ ጎደናታት ንኽይእከቡ

ተሓረሙ። ብዙሓት ኣውራ ተጻረርቲ'ዮም ዝብሉ- ዎም ዜጋታት፡ ጸሓይ ካብ እትዓርበሉ ግዜ ክሳብ ትበርቀሉ፡ ኣደዳ ምቁጽጻርን ሕቶታ- ትን ፖሊስ ኾኾኑ ተበየነሎም።"

ምስ በለ ሰለስቲኦም ኣዕሩኽ፡ ንኣቶ መሓመድ ኑራይ ንኽዕርፍ ከፍቅዱሉ ግቡእ ከም ዝኾነ ብምርዳእ፡ ኵነታት እንተጠዓመ ካልእ ግዜ ተራኺቦም፡ ብዛዕባ ምዕባሌታት ሃገሮም ዝምልከቱ ጉዳያት ኣልዒሎም ንኽመያየጡ ተሰፉ እናገበሩ፡ ነቲ ዝዓደሙዎ ኣባል ፓርላማ ኤርትራ ብምውኻቕ መንፈስን ኣገባብን ኣፋነዉዎ።

እቲ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኤርትራ ዝተራእየ ወጥሪ፡ ኤርትራውያን ተማሃሮ፡ ቋንቋ ኣምሓርኛ ከም መተካእታ ቋንቋታት ኤርትራ ኮይኑ ናይ ትምህርቲ ቋንቋ ክኸውን ተባሂሉ ብመራሕ መንግስቲ ዝተወሰደ ስጉምቲ ንምቅዋም፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ንባንዴራ ኢትዮጵያ ሰላምታ ክገብሩላ ዝተዋህቦም መምርሒ ተሓሰሙ፡ ሃገራዊ መዝሙር ኢትዮጵያ ከይዝምሩ ብትሪ ተቓወሙ። ንተማሃሮ ንምስዓዕ ዝተገብረ ጻዕርታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ፍረ ምሃብ ምስ ሰኣነ፡ ብዙሓት ተማሃሮን ወለዶምን ተኣሰሩ፡ ብዙሓት ድማ ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ ከም ዝባረሩ ተገብረ።

ብኻልእ ሸነኽ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ነቲ ኣንጸላልዩ ዝነበረ ፖለቲካውን ቁጠባውን ኩነታት ኤርትራ ብምቕዋም፡ ሰፋሕቲ ኣድማታት፡ ኣብ ከተማታት ኣስመ- ራ፡ ምጽዋዕን ዓሰብን ኣካየደ። መልሰ-ግብሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከኣ፡ ምእሳርን ምግ-ፋዕን፡ ካብ ስራሕ ምብራር፡ ከምኡ'ውን ምዕጻው ኣብያተ-ጽሕፈታት ማሕበር ሰራሕተኛታት ኣብ ኩለን ከተማታት ኤርትራ ኮነ።